

De Fryske Marren

# ስራሕ ልዕሊ ኣውትኬሪን

# እንቃዕ ብደሓን መጻእካ

ነዚ ‘ሓባሪ መንገዲ’ ብምጥዋቕ፡ ኣብ ብሙሉኡ እዚ ዝሑፍ፡ ቀጥታ ናብ ዝደለኻዮ ምዕራፍ ክትከይድ ትኽእል።

## ምስፋፍ ካብ ሓደ ነጥቢ ናብ ካልእ ነጥቢ ኣብ’ዚ ጽሑፍ

ኣብ’ዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ፡ ኣብ’ቲ መላጉም፡ ሓበርቲ ወይ ድማ ሊንክ እንዳጠወቕካ፡ ካብ ሓደ ነጥቢ ናብ ክልእ ነጥቢ ምስፋፍ ይምረጽ። ኣብ’ቲ ጽሑፋት፡ ብኢድካ እንዳደፋእካ (ስዋይፕን እንዳገበርካ) ዘይምስፋፍ ይምረጽ። እቲ መስፈፊ ገጽ (ዝስዕብ ገጽ (ትሕዝቶ))፡ ኣታውማ ናይ’ዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ከመይ ክምዝኾነ ጽቡቕ መረዳእታ ይህብ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገጽ፡ ነቲ ናይ መስፈፊ ብሎክ→ ብምጥቃም፡ ካብ ገጽ ናብ ገጽ ምስፋፍ ይከኣል።

ብዘይካ’ዚ፡ ካልእ ኣገባብ መስፈፊ፡ ማለት ናይ ቃላት ሊንክ፡ መላጉምን ሓበርትን ብምጥቃም፡ ካብ ሓደ ገጽ ናብ ካልእ ገጽ ምስፋፍ ይከኣል። ንኣብነት ↓

ቀጥታ ናብ ናይ እንቃዕ ደሓን መጸኢካ ገጽ

ጽቡቕ ናይ ንባብ ህሞት ንምነየልካ።

እዚ ጽሑፍ፡ ኣብ’ዞም ኣፕ ጽቡቕ ከም ዝሰርሕ ተፈቲኑ እዩ፥




**እዚ ጽሑፍ ተፈቲኑ እዩ**

እዚ ጽሑፍ፡ ብኣዝዩ ውሑሉል ጥንቃቐ እዩ ተድላዩ። ኣብ ዘተፈላልየ ኣፕን ኣብ ኣይፓድ ኤየርን ድማ ተፈቲኑ እዩ።

ኣብ’ዚ፡ ጽሟቕ ዝርዝር ናይ’ቶም እዚ ጽሑፍ ክሰርሓሎም ዝኽእል ኣፕ ክትረክብ ትኽእል። ይኹን እምበር፡ ኣብ ምንባብን ምስፋፍን ናይ’ዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ጸገም ምስ ዘጋጥመካ፡ ነዚ ጽሑፍ ኣብ ኮምፒተር ክትከፍቶ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ኮምፒተር ዘሎ “ኣዶበ ኣክሮባት ሪደር” (Adobe Acrobat Reader) ተባሂሉ ዝፍለጥ ፕሮግራም’ውን’ እዚ ጽሑፍ ጽቡቕ ይሰርሕ እዩ። ብተወሳኺ’ውን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ኢንተርነት መኽፈቲ ገጻት’ውን፡ እዚ ጽሑፍ ተፈቲኑ እዩ።

ብናጻ ንምርጋፍ፡ ኣብ ምልክት ጠውቑ።

እቲ ብ “ኣይ ቡክስ” (Ibooks) ዝፍለጥ ፕሮግራም፡ ከም ንቡር ምስ ኣይፓድ ይወሃብ።

# ትሕዝቶ

- ስራሕ ልዕሊ ኣውትኬሪን
- ምሕታት ኣውትኬሪን
- ምውሳን መጠን ኣውትኬሪን
- ኣውትኬሪን ትወስድ እንተኾንካ
- ቁጽጽር ኣብ ትወስዶ ኣውትኬሪን
- ተወሳኺ ሓበሬታ

## እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ንምንታይ ኣድልዩ?

ምምሕዳር “ደ ፍርይስከ ማረን” (De Fryske Marren)፡ ብዛዕባ ኣብ ግዜ ምሕታትን ምቕባልን ኣውትኬሪን ዘለዉኻ መሰላትን ግቡኣትን፡ ንጹር ሓበሬታ ክትረክብ ከም ኣገዳሲ ነጥቢ ጌሩ ይወስዶ። ስለ'ዚ እዩ ድማ እዚ ጽሑፍ ተዳልዩ ዘሎ። ኣብ'ዚ፡ ኣገደስቲ ሓበሬታታት ብዛዕባ ኩሎም ምስ ኣውትኬሪን ዝተኣሳሰሩ ዛዕባታት ተዘርዚሮም ኣለዉ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ መርበብ ገጽ www.defryskemarren.nl ብዛዕባ ኣውትኬሪንን ሕግታትን ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል። ክበርሃልካ ኣይከኣለን? ብቑጽሪ ስልኪ 14 05 14 ክትድውል ትኽእል።

## ሓባሪ

ኣብ ዝሓለፈ ገጽ ነዚ ጽሑፍ ብኽመይ

ኣገባብ “ክሊክ ትገብር / ተንብብ”

ትኽእል ዝምልከት መብርሂ ተዋሂቡ ኣሎ።




- ስራሕ ልዕሊ ኣውትኬሪን
- ምድላይ ስራሕ ግቡእ እዩ
- ትምህርቲ ልዕሊ ስራሕ (ክሳብ 27 ዕድመ ዘለዉ ሰባት)
- ናይ መበገሲ ብቕዓት
- ዞባዊ ነቑጣ ሓበሬታን ማእከልነትን (KMC)
- ምርካብ ስራሕ
- "ፓስቲል" (Pastiel)
- ናይ ባዕልኻ ሓለቓ ምኻን?
- ግብረመልሳዊ ኣበርክቶ

# ስራሕ ልዕሊ ኣውትኬሪን

**ምድላይ ስራሕ ግቡእ እዩ**

ኣውትኬሪን ቅድሚ ምርካብካ፡ ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ክትደሊ ጉብእ ኣለካ። ክትሰርሕ ትኽእል እንተኾንካ፡ ስራሕ ክትረክብ፡ ክትቅበልን ክትዕቅብን ዝከኣለካ ክትገብር ግቡእ ኣለካ። ሕጊ ተሳትፎ (Participatiewet)፡ ብዛዕባ ብሓፈሻ ቅቡላት ዝኾኑ ዕዮታት ይዛረብ። እዚ ማለት፡ ንስኻ ከም ደላዪ ስራሕ፡ ኩሉ ዝረኸብካዮ ስራሕ ክትሰርሕ ግቡእካ እዩ። ዋላ ኸማን ምስ ትምህርትኻ ወይ ተሞክሮኻ ዘይሳነ ስራሕ፡ ከም ናይ መሃይማን ስራሕ፡ ግዝያዊ ስራሕ፡ ብደለልቲ ዝርከብ ስራሕ ወይ ሙሉእ ሰዓት ዘይኮነ ናይ ክፊል ስራሕ ክትቅበል ግቡእ ኣለካ። ብተወሳኺ፡ ካብ'ቲ ዝነበረካ ደሞዝ (ኣዝዩ) ሉጡፍ ዝበለ ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ወይ ድማ (ኣዝዩ) ርሑቕ ጉዕዞ (ክሳብ ሰዓትን ፈረቓን) ዘለዎ ስራሕ ከም ቅቡል ይውሰድ።

ኣውትኬሪን ክትሓትት ትኽእል፡ ክትሰርሕ ምስ ዘይትኽእል ወይ ድማ ስራሕ ምስ ዘይትረክብ ጥራሕ እዩ። ናይ ክፊል ሰዓታት ስራሕ ምስ ትርከብ ወይ ድማ ሙሉእ ሰዓት ክትሰርሕ ዓቕሚ ስለዘይብልካ ናይ ክፊል ስራሕ ምስ ትረክብ፡ ነቲ ትረኽቦ ደሞዝ መመላእታ ዝኸውን ኣውትኬሪን ክትሓትት ትኽእል። ኣውትኬሪን ትወስድ እንተኾንካ እውን ናይ ስራሕ ግቡእ ምስ ዝህልወካ፡ ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ንምርካብ ዝከኣለካ ዘበለ ክትገብር ኣለካ።

## ትምህርቲ ልዕሊ ስራሕ (ንክሳብ 27 ዓመት ዝዕድሚኦም)

ኣብ ክንዲ ኣውትኬርን ትሓትት፡ ከም መንእሰይ መጠን፡ ናብ ትምህርቲ ክተክይድ ግቡእ ኣለካ። መንግስቲ፡ መንእሰያት ኣብ ገዛ ኮፍ ኢሎም፡ ተጸበይቲ ናይ ምጽወታ ክኾኑ ኣይደልን እዩ። ስራሕ እንተዘይብልካ፡ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ፡ ናብ ትምህርቲ ምስ ትኸይድ እዩ። ዲፕሎማ ብምሓዝ፡ ናይ ዕዮ ዕድላትካ ተስፋሕን ርእስኻ ናይ ምኽኣል ኩነታትካ ድማ ብኡ መጠን ይገፍሕ። ትሕቲ 27 ዓመት መንእሰይ ኮንካ ኣውትኬርን ምስ ትሓትት፡ ፈለማ ናይ 4 ሳምንታት ናይ መድለዩ ግዜ ይወሃበካ። ኣብ'ዚ ናይ መድለዩ ግዜ፡ ናብ ትምህርቲ ናይ ምምላስ ትኽእሎ ኣሎ ድዩ የሎን ይፍተሽ። ናብ ትምህርቲ ናይ ምምላስ ተኽእሎ ምስ ዘይህሉ፡ ናይ ሓኪም ወረቐት ወይ ድማ ናይ ቤት ትምህርቲ መሰነይታ ደብዳቤ ከተረክብ ትግደድ። ብድሕሪኡ፡ ባዕልኻ ስራሕ ትደሊ። እቲ ናይ መድለዩ ግዜ ገደብ ዝጅምረሉ፡ ካብ'ታ ብመንገዲ መርበብ ገጽ www.werk.nl ኣውትኬሪን ዝሓተትካላ መዓልቲ እዩ።

### ናይ መበገሲ ብቕዓት

ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ንምርካብ ዝያዳ ዕልድ ዝህልወካ፡ እንተወሓደ ናይ መበገሲ ብቕዓት ምስ ዝህልወካ እዩ። መበገሲ ብቕዓት ዝህልወካ (ብመሰረት ርእይቶ ሚንስትሪ) ናይ ኤም ቢ ኦ ዲፕሎማ (ደረጃ 2 ወይ ካብኡ ንላዕሊ) ወይ ድማ ናይ ሃቮ / ፌ ቬ ኦ ዲፕሎማ ምስ ዝህልወካ እዩ።

### ዘባዊ ነቑጣ ሓበሬታን ማእከልነትን ("ኤር ኤም ሴ") (RMC)

ናይ መበገሲ ብቕዓት እንተዘይብልካ፡ ሰራሕተኛ ማእከልነት ናይ ትካል "ኤር ኤም ሴ"፡ ናብ ትምህርቲ ክትምለስ ተኽእሎ ኣሎ ድዩ ሃሰው ይብል። ብዛዕባ ጉዳይካ ብኣካል ንምዝርራብ ዕድመ ይመጻካን ከምኡ'ውን ከከም ኣድላይነቱ ፈተና ክትገብር ትኽእል። ኣብ'ቲ ዝካየድ ዝርርብን ዝግበር ፈተናን ምርኩስ ብምግባር ናብ ትምህርቲ ክትምለስ ተኽእሎ ምስ ዘይህሉ፡ ንሳቶም ንምምሕዳር ሓበሬታ ይህቡ።




ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ

### "ኤም ቢ ኦ" (MBO):

**"ኤር ኦ ሴ ፍሪሰ ፖርት" (ROC Friese Poort)**
መርበብ ገጽ: www.rocfriesepoort.nl
ናይ ሓበሬታ ቑጽሪ ስልኪ: 0900 8996996

**"ፍሪስላንድ ኮለጅ" (Friesland College)**
መርበብ ገጽ: www.frieslandcollege.nl
ናይ ሓበሬታ ቑጽሪ ስልኪ: 058 2842555

**"ኖርድዊን ኮለጅ" (Nordwin College)**
ቑጽሪ ስልኪ: 058 2534000
መርበብ ገጽ: www.nordwincollege.nl

### "ሃ ቢ ኦ" (HBO):

**"ኤን ሃ ኤል" (NHL)**
ቑጽሪ ስልኪ: 058 2512345
መርበብ ገጽ: www.nhl.nl

**"ስቴንደን" (Stenden)**
ቑጽሪ ስልኪ: 058 2441441
መርበብ ገጽ: www.stenden.com

**"ሆኽስኹል ፋን ሃል ላረንስታይን" (Hogeschool Van Hall Larenstein)**
ቑጽሪ ስልኪ: 058 2846100
መርበብ ገጽ: www.hvhl.nl

ንተኽእሎታት ትምህርትን ምሸፋን ወጻኢታትን ዝምልከቱ ጉዳያት፡ ምስ ትካል "ድዎ" (DUO) (ኣገልግሎት ፈጻሚ ጉዳያት ትምህርቲ) ብመንገዲ መርበብ ገጽ www.duo.nl ርክብ ክትገብር ትኽእል።

ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ

## ምርካብ ስራሕ

ኣብ መርበብ ገጽ www.werk.nl እቶም ኣብ'ዚ ሕጂ ወቕቲ ዘለዉ ክፉታት ናይ ስራሕ ቦታታት ክትረኽቦም ትኽእል። ናብ'ዚ መርበብ ገጽ፡ "ድ ዃ ዶ" (DigiD) ተጠቒምካ ትኣቱ። ዘለካ ዲ ኺ ዴ፡ ብጽቡቕ ዓቅቦ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ስለዘድልየካ። በተወሳኺ፡ ካልኦት ዝርዝር ክፉት ናይ ስራሕ ቦታታት ዘለውን መርበብ ገጻት ክትውከስ፡ ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት ዕዮ ክትምዝገብን ከምኡ'ውን ኣብ ከም "ሊንክዲን" (LinkedIn) ዝኣመሰሉ (ማሕበራዊ) ዓንኬላት ኣቢልካ ስራሕ ክተናዲ ትኽእል።

## "ፓስቲል" (Pastiel)

ኣብ'ቲ ብ "ፓስቲል" (Pastiel) ዝፍለጥ ትካል ክነምዝግበካ ኢና። ሰራሕተኛታት ናይ ትካል "ፓስቲል"፡ ትምህርቲ ወይ ስራሕ ኣብ ምርካብ ወይ ናትካ ትካል ኣብ ምኽፋት ክተሓባበሩኻ ይኽእሉ። ነዚ ብጽፉፍ ኣገባብ ንምክያድ፡ ንሕና ዘለካ ዓቕምታት ክንፈልጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሰራሕተኛታት ትካል "ፓስቲል"፡ ንስኻ ክትሃርሞ ትደሊ ሽቶ፡ ዘሎ ተኽእሎታት፡ ብኸመይ ክሕግዙኻ ከምዝኽእሉን ንስኻ ክትገብሮ ዘለካን ይርእዩ። ንሶም ነዚ ዝገብሩ፡ ነቲ ዘሎ ናይ ስራሕ ኩነታትን ናትካ ብቕዓትን ብምምዝዛን እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ መርበብ ገጽ ተወከስ: www.pastiel.nl

## ናይ ባዕልኻ ሓለቓ ምዃን?

ገለ ናትካ ዝኾነ ነገር ክትከፍት (ንሓያሎ ግዜ) ሓሳብ ምስ ዝህልወካ እንተኾነ ግን ከመይ ጌርካ ሓሳብካ ክውን ክምትገብሮ ዘይትፈልጥ እንተኾንካ፡ እቲ ብ "ቢውሮ ሰልፍስታንድኽ ፍሪስላን (ቤ ዜት ኤፍ)" (Bureau Zelfstandigen Fryslân) ዝፍለጥ ትካል፡ ነዚ ክውን ንምግባር ክተሓባበረካ እዩ። ኣውትኬሪን እንዳወሰድካ፡ ተሳታፊ ናይ'ቲ ናይ ባዕልኻ ትካል ንምኽፋት ዘኽእል ውጥን ስልጠና ክትከውን ትኽእል። ንሱ "ፕሪስታርት" (ቅድመ ምድላው) ተባሂሉ ይፍለጥ። እዚ መደብ፡ ንስኻ፡ ምስ ኣሰልጣኒ ብሓባር ብምዃን፡ ናትካ ትካል ንምኽፋት ቅድመ ምድላው ክትገብር ይሕግዘካ። ነዚ ስልጠና ኣብ ትኪታተሉ ግዜ፡ ኣውትኪሪን ናይ ምውሳድ መሰለካ ዝተሓለወ ኮይኑ ናይ ስራሕ ግቡእ ድማ ኣይህልወካን። ተሳታፊ ናይ'ዚ መደብ ንምዃን ተኽእሎ ኣለካ ድዩ ክትፈልጥ ትደሊ? ናብ ቁጽሪ ስልኪ 14 058 ደውል። ዝያዳ ሓበሬታ: www.bureauzelfstandigenfryslan.nl

## ግብረመልሳዊ ኣበርክቶ

ካብ ምምሕዳር "ደ ፍሪይስኪ ማረን" (De Fryske Marren) ኣውትኬሪን ትወስድ እንተኾንካ፡ ግብረ መልሳዊ ኣበርክቶ ክትገብር ክትሕተት ትኽእል።

ግብረ መልሳዊ ኣበርክቶ እንታይ እዩ፡

ግብረ መልሳዊ ኣበርክቶ ማለት፡ ኣውትኬርን ትወስድ እንተኾንካ፡ ብመንጽሩ ገለ ነገር ክትገብር ኣለካ ማለት እዩ። እቲ ትገብሮ ግብረመልሳዊ ኣበርክቶ፡ ናይ ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ዓይነት ክኸውን የብሉን። ገለ ኣብነታት ናይ ግብረመልሳዊ ኣበርክቶ ንምጥቃስ፥

ምስ ብናይ ክንክን ትካል ዝእለዩ ሰባት ምውጻእ፥

ምቕዳሕ ብኑን ምዕላል ምስ ነበርቲ ናይ ክንክን ትካል፥

ብምስትብሃለን ምጽጋንን ንኣሽቱ ጸገማት ኣብ መንገዲ፡ ናይ ጎደና ንብረት፡ መጻወቲ ህጻናትን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ነገራት ኣቢልካ ምምሕያሽ ናይ ምንባር ሃዋህው ኣካባብን ገጠራትን፥

ኣብ ማሕበራት ክለባትን ምትሕግጋዝ፥



ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ

ኣብ'ዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ኩነታት፡ ግብረመልሳዊ ኣበርክቶ ክትገብር ዘድሊ ኣይኮነን፦

ብኽፈል ትሰርሕ እንተኾንካ፥

ናይ ወለንታ ስራሕ ትሰርሕ እንተ'ኮንካ፥

ተሓጋጋዚ ስንኩላን ምስ ትኸውን፥

ናይ ስራሕ ዕድላትካ ንምዕባይ ዝጠቅም ስልጠና ትወስድ ምስ ትኸውን፥

ስራሓት ግበረመልሳዊ ኣበርክቶ፡ ክፍሊት ዘይብሎም ግን ንሕብረተሰብ ጠቓምቲ ዝኾኑ እዮም። እንታይ ዓይነት ግብረመልሳዊ ስራሕ ኢኻ ከተካይድ፡ ምምሕዳር ባዕሉ ይውስን።

ይኹን እምበር፡ ንግብረመስላዊ ኣበርክቶ ዝምልከቱ ገለ ቅድመ ኩነት ኣለዉ፦

እዞም ስራሓት፡ እንተዋሓደ ን 6 ኣዋርሕ ዝስርሑ ኮይኖም ኣብ ሰሙን 8 ሰዓታት እዮም፥

እቲ ትሰርሖ ስራሕ፡ ደሞዝ ክትክፈለሉ ዘለካ ስራሕ ክኸወን የብሉን፥

እቶም ትሰርሖም ስራሓት ናይ ግድን ናይ ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድላትካ ዘስፍሑ ክኾኑ የብሎምን። ይኹን እምበር፡ ንደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድላትካ ግን ዕንቅፋት ክኾኑ ኣይግባእን፥

እቲ ስራሕ ትኽእሎ ኽኸውን ኣለዎ። ስለ'ዚ፡ ብሰንኪ ጥዕናኻ ወይ ካልእ ምኽንያት ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ዝኾነ ስራሕ ክኸውን የብሉን።

**ግብረመልሳዊ ኣበርክቶ ትህበሉ ቦታ**

እቲ ሓላፍነት ኣብ ዝባንካ እዩ። ኣብ ዝኾነ ውድብ፡ ትካል፡ ክለብ ወይ ማሕበር ግብረመስልዊ ኣበርክቶ ትገብረሉ ቦታ ክተናዲ ናይ 20 መዓልታት ዕድል ኣለካ። ባዕልኻ ክትረክብ ምስ ዘይትኽእል፡ ምምሕዳር ምሳኻ ዝኸይድ ግብረመልሳዊ ስራሕ የናድየልካ። እቲ ምምሕዳር ነዚ ክገብር እንተዘይሰሊጥዎ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ወይ ኣብ'ቲ ህሞት ከም ግብረመልሳዊ ኣበርክቶ ክትሰርሖም ትኽእል ስራሓት ኣለዉ ድዮም የናዲ። ምስ ክስርሑኻ ዝኽእሉ ውድባት፡ ትካላት፡ ማሕበራት ወይ ክለባት ምርኻብ ዝኸብደካ እንተኾይኑ ድማ፡ ምምሕዳር ክተሓባበረካ እዩ።

**ኣብነታት ናይ ከም ግብረመልሳዊ ኣበርክቶ ተካይደሎም ስራሓት**

ናይ ወለንታ ስራሕ: ንኣብነት ኣብ ናይ ከባቢ ማሕበር፡ ናይ ገጠር ማሕበር፡ ካልእ ማሕበር፡ መዋእለ ህጻናት፡ ትካል ክንክን፡ መእለዪ ትካል፡ ማእከል ሓተትቲ ዑቕባ፡ ናይ ሙዚቃ ማሕበር፡ ናይ ስነጥበብ ማሕበር፡ ቤተ መዘከር፡ ሲነማ፡ ናይ ሙዚቃ መድረኽ፡ ፌስቲቫል፡ ተዋስኦ፡ ኣዳራሽ፡ ናይ ህጻናት መጻወቲ ቦታ፡ ናይ ስፖርት ክለብ፡ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ፡ ቤተ ክርስትያን ወይ መስጊድ፥

ክንክን ስንኩላን: እዚ ማለት፡ ሕዱር ሕማም፡ ስንክልና ዘለዎም ወይ ሓገዝ ዝደልዮም ሰባት ምሕጋዝ (ኣባል ስድራ ወይ ዓርኪ፡ ትፈልጦ ሰብ ወይ ጎረቤት) ማለት እዩ። እቲ ትህቦ ሓገዝ ንኣብነት፡ ኣስፔዛ ምግባር፡ ምዕላል ወይ ድማ ብሓንሳብ ብእግሪ ኮለል ምባል ክኸውን ይኽእል፥

ገጠር ወይ ከተማ: ንኣብነት ምክንኻን ናይ ጎደና መንገዲ፡ ምእራይ ጐሓፍ፡ ኣብ ትካል መጥፋእቲ ሓዊ ከም ወለንተኛ ምስራሕ፥

ተፈጥሮ: ጎሓፍ ምእካብ፡ ምቕምቃም ኣግራብ፡ ኣዕዋፍ ምክትታል፡ ናይ ህጻናት ንጥፈታት ምድላው፡ ሓበሬታ ምሃብ።





ኣውትኬሪን ክወስድ መሰል ኣለኒ ዶ?


- ኣውትኬርን ክወስድ ዝኽእል መን እዩ?
- ዓይነት ኣውትኬሪን
- ምሕታት ኣውትኬሪን ትሕቲ 27 ዓመት
- ፍሉይ ድጎማ፡፡ ክሓትት ይኽእል ዶ?
- ናይ ቅድሚ ኹነት ሕግታት
- ካልኦት ሕግታት (ንትሑት ኣታዊ ዘሰዎም ጥራሕ ዘይምልከት)
- መዋእለ ህጻናት ከመይ ጌረ የሳልጥ?
- ምሃብ ሓበሬታ
- መጽናዕቲ ንመሰል ኣውትኬሪን
- ምምላሽ ጠለብ ኣውትኬሪን
- ኣብ እዋኑ ውሳኔ ናይ ምሃብ ግቡእ (ሸት ድዋንግሶም)
- መሰላትን ግቡኣትን ኣብ ግዜ ኣውትኬሪን


# ምሕታት ኣውትኬሪን

### ኣውትኬሪን ክወስድ ዝኽእል መን እዩ?

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ትነብር እንተኾንካ፥

ዕድሜኻ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ እንተኾይኑ፥

ናብራኻ ንምእላይ እኹል እትዋት ኮነ ንዋት ምስ ዘይህልወካ፡፡ ምስ መጻምድትካ ብሓባር ትነብር እንተኾንካ፡ ናይ መጻምድትኻ እትዋት'ውን ኣብ ግምት ይኣቱ፥

ናይ ካልእ ሓገዝ ናይ ምርካብ ተኽእሎ ዘይብልካ እንተኾይኑ፥

ኣብ ቤት ማሕቡስ ዘየለኻ እንተኾንካ፥

ዘለካ ንዋት ተተሚኑ ካብ ዝተወሰነ ንላዕሊ ምስ ዘይከውን፥

ስራሕ ንኽትረክብ ብምባል ምምሕዳር ዘዳልወልካ ንጥፈታት ምስ ተካይድ፡፡

## ዓይነት ኣውትኬሪን

ዝተፈላለየ ኣውትኬሪን ክትሓትት ትኽእል፦

ብመሰረት ሕጊ ተሳትፎ ዝወሃብ (ፓርቲሲፓሲ ቬት)፥

ንዓበይትን ክሰርሑ ዘይክእሉ ዝወሃብ ድጎማ “ኢ ኦ ኣ ቬ” (IOAW);

ንነብሶም ክኢሎም ዝሰርሑ ዓበይቲ ዝወሃብ ድጎማ “ኢ ኦ ኣ ዜት” (IOAZ)፥

ብመሰረት ውሳኔ ንናቶም ትካል ዘለዎም ሰባት ዝወሃብ ድጎማ “ቤ ቤ ዜት 2004” (Bbz 2004).

## ምሕታት ኣውትኬሪን ንልዕሊ 27 ዓመት ዝዕድሚኦም

ዕድሜኻ ልዕሊ 27 ዓመት ኮይኑ ግን ትሕቲ ናይ ጥሮታ ዕድመ ምስ ትኸውን እሞ ኣብ ሕጊ ተሳትፎ (ፓርቲሲፓሲ ቬት) ምርኩስ ብምግባር ኣውትኬሪን ክትሓትት ምስ ትደሊ፡ ነዚ ብመንገዲ መርበብ ገጽ www.werk.nl ክትሓትቶ ትኽእል። ነዚ ንምግባር፡ ዲ ኢ ዴ (DigiD) የድልየካ (www.digid.nl)። ባዕልኻ (እንተላይ ብሓገዝ ናይ ካልኦት ሰባት) ነዚ መርበብ ገጽ ተጠቒምካ ክትሓትት እንተዘይኪእልካ ጥራሕ ኢኻ ኣብ'ቲ ኣብ ጎደና ሄርማስታት ቁ. ገዛ 1 ኣብ ከተማ ያውረ (Heremastate 1፣ Joure) ዝርከበ ምምሕዳር ናይ “ደ ፍርይስከ ማረን” (Fryske Marren) ብኣካል ቀሪብካ ክትሓትት ትኽእል። ኣብ'ዚ' ኣብ መዓልታት ስራሕ፡ ካብ ሰዓት 09:00 ናይ ንግሆ ክሳብ ሰዓት 17:00 ናይ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዘሎ ሰዓታት ክትመጽእ ትኽእል።

ኣውትኬሪን (ብመንገዲ መርበብ ገጽ) ምስ ሓተትካ፡ ምስ ምምሕዳር ርክብ ክትገብር ኣለካ። ንስኻ ምስ ደወልካልና፡ ነቲ ዝመላእካዮ መሕትት ብምምሕዳር ተሓቲቱ ከም ዝመጽእ ይግበር።

## ምሕታት ኣውትኬሪን ንትሕቲ 27 ዓመት ዝዕድሚኦም

ኣብ ሕጊ ተሳትፎ (ፓርቲሲፓሲ ቬት) ምርኩስ ዝገበረ ኣውትኬሪን ንምሕታት፡ ኣብ መርበብ ገጽ www.werk.nl ከም ደላዩ ስራሕ ክትምዝገብ ኣለካ። ኣብ ሕጊ ተሳትፎ ዘተኮረ ኣውትኬሪን፡ ሽው ንሽው ክትሓትት ኣይትኽእልን ኢኻ። ብዘይካ ኣቐዲምካ ናይ ሽቅለት ኣልቦነት ኣውትኬሪን ትወስድ እንተኔርካ፡ ፈለማ፡ ናይ ኣርባዕተ ሳምንታት ናይ መድለዩ ግዜ ኣለካ። ከም ደላዩ ስራሕ ምስ ተመዝገብካ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልታት ዘሎ ግዜ፡ ናብ ኣብ'ቲ ኣብ www.werk.nl ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ኢሜይል ኣድራሻ፡ ኢሜይል ክትልእኽ ኣለካ። ብድሕሪኡ፡ ብኣካል ቀሪብካ መብርሂ ክትረክብ ዕድመ ክግበረልካ እዩ። ኣብ'ቲ ዝግበር ርክብ፡ ኣብ'ተን ናይ ኣርባዕተ ናይ መድለዩ ሳምንታት እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ክሕበረካ እዩ። ናይ መበገሲ ብቕዓት ምስ ዘይህልወካ፡ ምስ ሰራሕተኛ ትካል “ኤር ኤም ሴ” (RMC) ዝርርብ ተካይድ።

እቲ ናይ መደልዩ ግዜ ምስ ኣብቅዐ፡ ኣውትኬሪን ክትሓትት ትኽእል። እቲ ዘቕረብካዮ ሕቶ ኣውትኬሪን ምስ በጽሓና፡ መሰል ኣለካ ድዩ የብልካን ንምምዛን፡ ዝርርብ ክነካይድ ዕድመ ክንሰደልካ ኢና።

## ፍሉይ ድጎማ ክሓትት ይኽእል ዶ?

እወ። እንተደኣ ዘይተጸበኻዮ ሃንደበት ብዙሕ ገንዘብ ክተውጽእ ትግደደሉ ኩነታት ኢጋጢሙ፡ ንኣብነት ኣቐዲምካ ዘይተጸበኻዮ ነገር ምስ ዘጓንፍ። ኣብ መርበብ ገጽ www.defryskemarren.nl ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ፍሉይ ድጎማን እቲ መሕተቲ ቕጥዕን ክትረኽቦ ትኽእል። ነቲ ናይ መሕተቲ ቕጥዒ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 14 05 14

ብምድዋል'ውን ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ። ኣብ'ዘን ስዒበን ተጠቒሰን ዘለዋ ናይ መርበብ ገጻት፡ ብዛዕባ ዘባውን ሃገራውን ሕግታት፡ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፦

www.defryskemarren.nl

www.berekenuwrecht.nl

## ንትሑት ኣታዊ ዘለዎም ዝዳለዉ መሳላጥያታት (Minimaregelingen)

ምምሕዳር፡ ንትሑት ኣታዊ ዘለዎም ሰባት ዝህቦም መሳለጥያታት ኣለዉ። ኣዚኦም፡ ንነበርቲ ንግዚኡ ተወሳኺ ሓገዝ ንመሃብ ዝተዳለዉ እዮም። ኣታዊኦም ካብ 120% ካብ'ቲ ዝወሃብ ኣውትኬሪን ንታሕቲ ዝኾኑ ነበርቲ፡ እዞም ዝስዕቡ ሓገዛት ይግበረሎም፦

ውልቃዊ ኣበል፥

ናይ ሓባር መድሕን ጥዕና፡ “ኣ ፌ - ፍሪሶ” (AV-Frieso)፥

ብምምሕዳር ዝዳሎ ናይ ትሕቱ ኣታዊ ዘለዎም መሳለጥያ፥

ካብ ናይ ምምሕዳር ቀረጽ ናጻ ምባል፥

ነዚ ናይ መርበብ ገጽ ተወከስ: www.defryskemarren.nl

ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ



**ካልኦት መሳለጥያታት (ንትሑት ኣታዊ ዘለዎም ጥራሕ ዘይምልከቱ)**

ምሕረት ካብ ናይ ምምሕዳር ቀረጽ www.hefpunt.nl፥

ኣብ ግዜ ሰዳ ዝወሃብ ምኽርን ሐገዝን፥

ንወጻኢታት መዋእለ ህጻናት ንምሽፋን ዝወሃብ ተወሳኺ ድጎማ፥

ንሃንደበት ዘጋጥሙ ወጻኢታት ንምሽፋን ዘኽእል ፍሉይ ድጎማ፥

ናይ ካሕሳ መሳለጥያ ንሕዱር ሕማም ዘለዎምን ኣካለ ስንኩላንን።

## መዋእለ ህጻናት ብኸመይ ከረከብ ይኽእል?

ዳግም ናብ ስራሕ ዝአቱ ስልጠና ወይ ናይ ኢንበርኸሪን ኣስተምህሮ ትከታተል ኣለኻ ወይ ድማ (ናይ ከፊል) ስራሕ ረኺብካ እሞ ህጻናት ኣለዉኻ? ኣብ ከም'ዚ ኩነታት፡ ምናልባት መዋእለ ህጻናት የድልየካ ይኸውን እዩ። እቲ ውላድካ ዝውዕለሉ መዋእለ ህጻናት፡ ናይ ድሕረ ትምህርቲ መውዓሊ ወይ ካልእ መዋእለ ህጻናት ባዕልኻ ክትደሊ ኣለካ። ምስ'ቲ ዝረኸብካዮ ትካል መዋእለ ህጻናት ድማ፡ ብዛዕባ ንኽንደይ ዝኣክል መዓልታት ወይ ሰዓታት ኢኻ መዋእለ ህጻናት ትደሊ ስምምዕ ትገብር። ምስ'ቲ ትካል መዋእለ ህጻናት ድማ፡ ውዕል ትኣቱ ማለት እዩ።

ብመንገዲ ኣገልግሎት ቀረጽ (ብላስቲንግ ዲንስት) (www.belastingdienst.nl) ኣቢልካ ድማ፡ ድጎማ መዋእለ ህጻናት ክትሓትት ትኽእል። ምናልባት'ውን፡ ከም መወሰኽታ፡ ካብ ምምሕዳር ንወጻኢታት መዋእለ ህጻናት ተወሳኺ ሓገዝ ክግበረልካ ይኽእል። ንዝያዳ ሓበሬታ ብመንገዲ 14 05 14 ደዊልካ ተወከስ።

## ሓበሬታ ምሃብ

ካብ ምምሕዳር ኣውትኬሪን ምስ ትሓትት፡ ምምሕዳር፡ ብመንገዲ ናይ መርበብ ናይ ዓማዊል ፋይል ኣቢሉ ሓበሬታ ይረክብ። ኣብ'ዚ፡ ንመሰል ኣውትኬሪን ንምውሳን ዘኽእል ብዙሕ ሓበሬታ ኣሎ። እቲ ሓበሬታ ካብ ህዝባዊ መዝገብ፡ ኣገልግሎት ቀረጽ፡ ትካል "ኡ ቬ ፌ / ቨርክ በድራይፍ" (UWV/WERKbedrijf) ከምኡ'ውን ትካል ድዎ (DUO) ካልኦትን ዝተረኸበ ሓበሬታ እዩ። ነዚ ሓበሬታ፡ ኣብ መርበብ ገጽ https://mijn.overheid.nl/ ብ "ዲ ኺ ዴ (DigiD) ኣቲኻ ባዕልኻ ክትርእዮ ትኽእል። ንስ'ኻ'ውን፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ናይ ምሃብ ግቡእ ኣለካ። ነቲ ዘቕረብካዮ ናይ ኣውትኬሪን ሕቶ ንምምላስ፡ እቲ ንሓተካ ሓበሬታ ኣብ ግዚኡ ክትህበና ኣገዳሲ ይኸውን።

ነቲ ዝተሓተትካዮ ሓበሬታ ኣብ እዋኑ እንተዘይኣረኪብካ፡ ንኸተረክብ እንደገና ብደብዳቤ መጸዋዕታ ክግበረልካ እዩ። እዚ ግዜ፡ ብ "መአረሚ ግዜ" (hersteltermijn) ይፍለጥ። እቲ ዝተሓተትካዮ ሓበሬታ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተዋህበካ ናይ መአረሚ ግዜ እንተዘይሰዲድካዮ፡ እቲ ናይ ኣውትኬሪን ሕቶኻ ተወንዚፉ ምላሽ ኣይረክብን።

ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ

## መሰል ኣውትኪሪን ኣለካ ድዩ ንምፍላጥ ዝካየድ መጽናዕቲ

ዘድልየና ሓበሬታ ምስ ኣኪብና፡ ንስኻ ኣውትኪሪን ክትወስድ መሰል ኣለካ ድዩ የብልካን ንርኢ። ሓሓሊፉ፡ ዝያዳ ሓበሬታ ዘድልየሉ ግዜ ክህሉ ይኽእል። እቲ ዘድሊ ሓበሬታ ከትህብ ድማ ትሕተት። ሓሓሊፉ፡ ናብ ቤትካ ንመጽእ። ነዚ ንገብረሉ ምኽንያት፡ ንናይ ኣነባብራ ኩነታትካ ንምምርማር እዩ።

## ውሳኔ ናይ ተቕርቦ ሕቶ

እቲ ዝቐረበ ሓበሬታ ምስ ተራእየ፡ ነቲ ናይ ኣውትኪሪን ሕቶኻ ውሳኔ ይወሃበሉ። እቲ ውሳኔ፡ ብጽሑፍ ንዓኻ ይወሃበካ። ምስ'ቲ ውሳኔ ዘይትሰማማዕ እንተኾንካ፡ ተቓውሞኻ ከተቕርብ ትኽእል። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ተቓውሞን ይግባይን / ጥርዓንን ዝብል ዓምድታት ናይ'ዚ ጽሑፍ ተወከስ።

## ኣብ እዋኑ ውሳኔ ናይ ምሃብ ግቡእ

እቲ ብ "ኣብ እዋኑ ምላሽ ናይ ምሃብ ግቡእ" ("Dwangsom en beroep bij niet beslissen") ዝፍለጥ ሕጊ፡ ንዓኻ ከም ሓታቲ ኣውትኪሪን መጠን፡ ኣብ ግዚኡ ነቲ ዘቕረብካዮ ሕቶ ወይ ተቓውሞ ምላሽ እንተዘይተዋሂብሉ፡ ኩነታትካ ንምጥንኻር ተባሂሉ ዝተነድፈ ሕጊ እዩ። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት፡ ካሕሳ (ድቫንግሶም) ክትሓትት መሰል ኣለካ። እቲ ምድንጓይ ውሳኔ ናይ ባዕልኻ ጌጋ ምስ ዝኸውን ግን፡ ምምሕዳር ካሕሳ ክህበካ ኣይግደድን።

## መሳላትን ጉቡኣትን ኣብ ግዜ ኣውትኪርን

### መሰላትካ :

ኣብ ግዚኡ ነቲ ዘቕረብካዮ ናይ ኣውትኪሪን ሕቶ ምላሽ ክትረክብ መሰል ኣለካ። ኣብ ሕጊ ተሳትፎ (ፓርቲሲፓሲ ዌት) ምርኩስ ዝገበረ ናይ ኣውትኪሪን ሕቶ ምስ ተቕርብ፡ እቲ ናይ ውሳኔ ግዜ ገደብ፡ ካብ'ታ ዝሓተተካላ ናይ 8 ሳምንታት እዩ፥

ምኽንያት ናይ ዝተወስደ ውሳኔ ክትፈልጥ መሰል ኣለካ፥

ኣውትኪሪን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መጠረስታ ወርሒ ክትክፈል መሰል ኣለካ፥

ኣብ ግዚኡ ዝተሓተትካዮ ሓበሬታ ምስ ተረኪብ፡ ኣብ ግዚኡ ኣውትኪሪን ክጅመረልካ እዩ፥

ካብ'ታ ብመንገዲ [www.werk.nl](http://www.werk.nl) ዝተመዝገብካላ ዕለት ድሕሪ 4 ሳምንታት ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ብሙሉኡ ዝተሓተትካዮ ሓበሬታ እንተኣረኪብካ፡ ውሳኔ ክሳብ ዝውሰን ንግዚኡ ገንዘብ ክወርደልካ መሰል ኣለካ፥

ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ንምርካብ ወይ ናይ ስራሕ ዕድላትካ ንምስፋሕ፡ ናይ ሓገዝን ድለላን መበል ኣለካ፥

ንጹር ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ። እዚ ሓበሬታ፡ ብኣፍ ወይ ብጽሑፍ ክወሃበካ ይኽእል፥

ብዘይካ ብሕጊ ዝተገደቡ ጉዳያት፡ ናይ ብሕቲ ሂወትካ ክትከተል መሰል ኣለካ፥

ናይ ጥርዓን መሰል ኣለካ፥

ጥርዓንካ፡ ብኣገኡን ብቕኑዕን ኣገባብ ክረኣየልካ መሰል ኣለካ፥

ኣንጻር ዝተወሰደ ውሳኔ ተቓውሞ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለካ።

### ግቡኣትካ :

ምስ ምምሕዳር ዝኣተኻዮ ስምምዕ ከተኽብር ግቡእ ኣለካ፥

ንምውሳን ናይ ኣውትኪሪን ሕቶኻ ዝሕግዙ ኩሎም ሓበሬታታት ከተረክብ ግቡእ ኣለካ፡

ዓቕምኻ ዝኾነ ስራሕ ናይ ምድላይ ግቡእ ኣለካ፥

ብንጡፍ ስራሕ ናይ ምድላይ ግቡእ ኣለካ፥

ኣብ ትካል "ኡ ቬ ፌ" (UWV werkbedrijf) ናይ ምጽሓፍ ግቡእ ኣለካ፥

ዝቕረቡልካ ቅቡላት ዝበሃሉ ናይ ስራሕ ዕድላት ናይ ምቕባልን ስራሕካ ናይ ምዕቃብን ግቡእ ኣለካ። እዚ ማለት፡ እቲ ስራሕ ዓቕምኻ ምስ ዝኸውን ማለት እዩ፥

ንምርካብ ስራሕ ዝዕንቅፉ ነገራት ካብ ምግባር ክትቁጠብ ኣለካ፥

ናይ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ዕድላት ኣሎ ድዩ የለን ንምፍላጥ ኣብ ዝግበሩ መጽናዕቲ ክትሳተፍ ግቡእ ኣለካ፥

ኣውትኪሪን እንዳወስድካ ዝሰርሑ ስረሓት፡ ናይ ወለንታ ስራሕ፡ ወይ ናይ ተሞክሮ ስራሕን ካልእን ናይ ምስራሕ ድልውነት ክህልወካ ኣለዎ፡

ኣብ ዝተገብረልካ ናይ ዝርርብ ዕድመ፡ ኣብ ሰዓትካ ክትርከብ ግቡእ ኣለካ፥

ኣብ ኩነታትካ ዝጋጥሙ ለውጥታት፡ ሻቡ ብጽሑፍ ክተፍልጥ ኣለካ። ንኣብነት፡ ምሳኻ ሓቢሩ ዝነብር ሰብ እንተመጺኡ ወይ ስራሕ እንተረኺብካ። ነዞም ለውጥታት፡ በቲ ድሮ ኣብ ኢድካ ዘሎ ናይ ለውጢ መሐብሪ ቅጥዒ ጌርካ ተፈልጥ።

ናብ ዕረፍቲ ኣብ ትኸደሉ እዋን ድማ፡ ብእዋኑ ክተፍልጥ ኣለካ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቶም "ምጽናሕ ወይ ዕረፍቲ ኣብ ወጻኢ ሃገር" ን "ዕረፍቲ ኣብ ኔዘርላንድ" ዝብሉ ዓምድታት ናይ'ዚ ጽሑፍ ተወከስ።



ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ

- መጠን ትረኽቦ ኣውትኬሪን ብኸመይ ኣገባብ ይውሰን?
- ንወጻኢታቶም ብሓባር ዝካፈሉ ዝወሃብ መጠን (kostendelersnorm)
- ብዙሓት ሰባት ዝነብርሉ ቤት እንታይ ማለት እዩ?
- ንወጻኢታቶም ብሓባር ዝካፈሉ ሰባት ዝወሃብ መጠን ኣብ ምውሳን ዘይቁጸሩ መን እዮም?
- "ኢ ኦ ኣ ቬ / ኢ ኦ ኣ ዜት" (OAW/IOAZ)

እዚ ንዝወስዶ ኣውትኬሪን ጽልዋ ኣለዎ ድዩ?



# ምውሳን መጠን ኣውትኬሪን

## መጠን ዝወሃብ ኣውትኬሪን ብኸመይ ኣገባብ ይውሰን?

መጠን ዝወሃብ ኣውትኬሪን፡ ኣብ ናይ ኣነባብራ ኩነታትካ ዝተሞርከሰ እዩ። ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ተዳልዩ ዘሎ ሳጹን፡ እቲ መጠን ዝገበኣካ ኣውትኬሪን ክትዕዘብ ትኽእል።

ኣብ'ቲ ትነብረሉ ቤት፡ ካልኦት ሰባት ምሳኻ ሓቢሮም ዝነብሩ እንተለዉ፡ እቲ ዝወሃበካ ትረኽቦ ኣውትኬሪን፡ ንወጻኢታቶም ባሓባር ዝካፈሉ ዝዋሀብ መጠን (kostendelersnorm) ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ንወጻኢታቶም ብሓባር ዝካፈሉ ዝወሃብ መጠን (Kostendelersnorm)

ብሕጽር ዝበለ፡ እዚ ንወጻኢታቶም ብሓባር ዝካፈሉ ዝወሃብ መጠን ማለት፡ ንስኻ ምስ ካልኦት ሰባት ሓቢርካ ኣብ ሓደ ቤት ትነብር እንተኾንካ፡ መጠን እቲ ትረኽቦ ኣውትኬሪን ኣብኡ ዝተሞርከሰ ይኸውን ማለት እዩ። እቲ ትረኽቦ መጠን ኣውትኬሪን፡ ብቐጽሪ ናይ'ቶም ልዕሊ 21 ዝዕድሚኦም ምሳኻ ሓቢሮም ዝነብሩ ሰባት እንዳጎደለ ይኸይድ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ ሰባት ብሓባር ኣብ ሓደ ቤት ኣብ ዝነብርሉ እዋን፡ ነቲ ወጻኢታት ስለዝካፈልዎ እዩ። ብኸምኡ እዩ ድማ "ንወጻኢታቶም ባሓባር ዝካፈሉ ዝወሃብ መጠን" (kostendelersnorm) ተባሂሉ ዝፍለጥ።

## ብዙሓት ሰባት ብሓባር ዝነብርሉ ቤት እንታይ ማለት እዩ?

"ንወጻኢታቶም ብሓባር ዝካፈሉ ዝወሃብ መጠን" (kostendelersnorm)፡ ብዙሓት በጽሒ ኣብ ሓደ ቤት ክነብሩ ከለዉ ዘገልግል እዩ። እዚ፡ ብዙሓት ሰባት ኣብ ሓደ ቤት ዝነብርሉ ኩነታት ማለት እዩ። እዚ ንኣብነት፡ ሓንቲ ስድራ፡ ብወለድን ዝበጽሑ ውላድን ዝቖመት እንተኾይና ክኸውን ይኽእል። ወይ'ውን፡ ዓባይ ወይ ኣባሓጎ፡ ሐዊ፡ ሐፍቲ፡ ጓል ሐትኖ ወዲ ሐትኖ ምስ'ታ ስድራ ዝነብሩ እንተኾይኖም ክኾኑ ይኽእሉ። ወይ ድማ ውላድ በጽሒ ጓላኻ ወይ ወድኻ ምሳኻ ሓቢሮም ክነብሩ ይኽእሉ። "ንወጻኢታቶም ባሓባር ዝካፈሉ ዝወሃብ መጠን" ንምውሳን፡ ብዓል ሓዳር ዲኻ ወይ ምስ'ቶም ምሳኻ ሓቢሮም ዝነብሩ ሰባት ዝምድና ኣለካ ድዩ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ንምንታይ ብሓባር ትነብር'ውን ኣገዳስነት የብሉን። እቲ ብሓባር እንዳነበርካ ትረኽቦ ረብሓ፡ ምስ'ቲ ብሓባር ትነብረሉ ዘለኻ ምኽንያት ምትእስሳር የብሉን። በዚ መሰረት እዩ ድማ፡ ኣብ ሰባት ብሓባር ዝነብርሉ እዋን፡ ኩሉ ሳዕ እቲ "ንወጻኢታቶም ባሓባር ዝካፈሉ ዝወሃብ መጠን" ዘገልግል።

## ኣብ ወጻኢታቶም ብሓባር ዝካፈሉ ሰባት ዝወሃብ መጠን ንምውሳን ኣብ ግምት ዘይኣትዉ ሰባት ኣየኖት እዮም?

ትሕቲ 21 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት፥

ናይ ትምህርቲ ምወላ መሰል ዘለዎ ትምህርቲ ዝከታተሉ ተማሃሮ (Wsf 2000)፥

ስራሕ ንምርካብ ዘኽእል ስልጠና (BBL) ዝከታተሉ ተማሃሮ፥

ናይ ትምህርቲ ወጻኢታት ንምሽፋን ዘኽእል ድጎማ ናይ ምርካብ መሰል ዘለዎም ልዕሊ ዕድመ ተማሃሮ (Wtos)፥

ብመሰረት ናይ ጽሑፍ ውዕል ክራይ ገዛ፡ ዝተወሰነ ገንዘብ ከፊሎም ክፍሊ ዝካረዩ ወይ ድማ ወጻኢታት ዝሸፍኑ፥

ብመሰረት ናይ ጽሑፍ ውዕል ክራይ ገዛ፡ ዝተወሰነ ገንዘብ ከፊሎም ክፍሊ ዘካርዩ ወይ ድማ ወጻኢታት ዝሸፍኑ፥

## "ኢ. ኦ ኣ ቬ / ኢ. ኦ ኣ ዜት" (IOAW/IOAZ)

ናይ "ኢ. ኦ ኣ ቬ" ወይ "ኢ. ኦ ኣ ዜት" ኣውትኬሪን ትወስድ እንተኾንካ፡ እቲ ኣብ ንወጻኢታቶም ብሓባር ዝካፈሉ ዝወሃብ መጠን ኣውትኬሪን ብመሰረት ንበይኖም ዝነብሩን ነበይኖም ዝነብሩ ወለዲን ይውሰን።

| ኣቃውማ ቤት | መጠን ንሓደ ሰብ ዝወሃብ ኣውትኬሪን | ኩሎም ሰባት ኣውትኬሪን ዝወስዱ እንተኾይኖም ዝወሃብ መጠን |
|---|---|---|
| **1**-ሰብ ዝነብረላ ቤት | **70%** ናይ'ቲ ንሰብ ሓዳር ዝወሃብ መጠን,<br>እንተላይ ናይ ዕረፍቲ ገንዘብ | **70%** |
| **2**-ሰባት ዝነብሩላ ቤት | **50%** ናይ'ቲ ንሰብ ሓዳር ዝወሃብ መጠን,<br>እንተላይ ናይ ዕረፍቲ ገንዘብ | **100%** |
| **3**-ሰባት ዝነብሩላ ቤት | **43 1/3 %** ናይ'ቲ ንሰብ ሓዳር ዝወሃብ መጠን,<br>እንተላይ ናይ ዕረፍቲ ገንዘብ | **130%** |
| **4**-ሰባት ዝነብሩላ ቤት | **40%** ናይ'ቲ ንሰብ ሓዳር ዝወሃብ መጠን,<br>እንተላይ ናይ ዕረፍቲ ገንዘብ | **160%** |
| **5**-ሰባት ዝነብሩላ ቤት | **38%** ናይ'ቲ ንሰብ ሓዳር ዝወሃብ መጠን,<br>እንተላይ ናይ ዕረፍቲ ገንዘብ | **190%** |

ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ





- መጠን ትወስዶ ኣውትኪሬን ክንደይ እዩ?
- ኣውትኬሪን መዓስ እየ ዝወስድ?
- ዓመታዊ ጸብጻብ ናይ ዝወሰዶ ኣውትኬሪን ክወሃብ ድየ?
- ሓበሬታ ምሃብ
- ኣብ ልዕሊ ኣውትኬሪን ትረኽቦ ተወሳኺ ኣታዊ
- ዘይቁረጽ ኣታዊ
- ሓፈሻዊ ዘይቁረጽ 25%:
- ተወሳኺ ዘይቁረጽ 12.5% ናይ ኣታዊ ንብዘይመጻምድቲ ዝነብሩ ወለዲ:
- ብሰንኪ ናይ ጥዕና ጸገም ዘይቁረጽ ኣታዊ:
- ንዋት
- መዓስ ኢኻ ገንዘብ ክትመልስ ዘለካ?
- ምምንዛዕ ኣውትኬሪን
- ምጽናሕ ወይ ዕረፍቲ ኣብ ወጻኢ ሃገር
- 28 መዓልታት
- ዕረፍቲ ኣብ ኔዘርላንድ
- ኣውትኬሪን ደው ዝብል መዓስ እዩ?
- ኣስተውዕል:


# ኣውትኬሪን ትወስድ እንተኾንካ

## መጠን ትወስዶ ኣውትኬሪን ክንደይ እዩ?

ሙብዝሕትኡ ግዜ፡ ኣብ ዕለታት ፣ ጥርን ፣ ሓምለን፡ መጠን ትወስዶ ኣውትኬሪን ይቕየር እዩ። ነቲ ሓድሽ መጠን ድማ፡ ኣብ ከባቢ ናይ'ቲ ግዜ'ቲ፡ ኣብ ጋዜጣ ወይ ኢንተርነት ከተንብቦ ትኽእል። ብተወሳኺ፡ ካብ ምምሕዳር “ደ ፍሪይስከ ማረን” (De Fryske Marren) ዝርዝር ክለኣኽልካ እዩ።

## ኣውትኬሪን መዓስ እየ ዝወስድ?

እቲ ኣውትኬሪን ዝወርደልካ ግዜ፡ ኣብ መጠረስታ ናይ ወርሒ እዩ። እቲ ልክዕ ዕለት፡ ብመንገዲ መደብ ክፍሊት ይፍለጥ። ኣብ'ቲ መደብ ክፍሊት፡ ነቲ ኣውትኬሪን ዝወርደልካ ዕለት ክትርኢ ትኽእል። ብዛዕባ ምውራድ ኣውትኒሬን ሕቶ ምስ ዝህልወካ፡ ሓደ መዓልቲ ድሕሪ እቲ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት፡ ናብ ምምሕዳር ደውል፥ ቅድሚኡ ኣብ ዘሎ ግዜ እንተደዊልካ፡ ሰራሕተኛታት ክርእይሉካ ኣይክእሉን እዮም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝግበር ምቅይያር፡ ኣቃውማ ናይ ዝወርደልካ መጠን ኣውትኬሪን፡ ምምሕዳር ካብ ኣውትኬሪንካ ዝቖርጾ መጠን ከምኡ'ውን መጠን ዘለካ ናይ ዕረፍቲ ገንዘብ ዝጠቅስ ዝርዝር ክወሃበካ እዩ። ብዛዕባ እቲ ኣብ ወርሒ ሰነ ዝወርደልካ መጠን ናይ ዕረፍቲ ገንዘብ'ውን ዝርዝር ክወሃበካ እዩ።

## ዓመታዊ ጸብጻብ ናይ ዝወሰዶ ኣውትኬሪን ክወሃብ ድየ?

እወ። ነዚ ኮነ ካብ ካልኣት ኣስራሕቲ ዝወሃበካ ዓመታዊ ጸብጸብ ብግቡእ ዓቅቦ። ናይ ቀረጽ ምልክታ ኣብ ትገብረሉ እዋን ከምኡ'ውን ናይ ክራይ ገዛ፡ ናይ ጥዕና፡ ናይ መዋእለ ህጻናትን ናይ ትምህርቲ ድጎማ ኣብ ትሓተሉ እዋን፡ እዚ ዓምታዊ ጸብጸብ የድልየካ እዩ።

### ሓበሬታ ምሃብ

ኣውትኬርን ትወስድ እንተኾንካ፡ ኩነታትካ ምስ ዝልወጥ፡ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት ክትሕብር ኣለካ። ንኣብነት፡ ብሓባር ምስ መጻምድትኻ ክትነብር እንተጀሚርካ፡ እንተወሊድካ ወይ ድማ ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ እንተረኺብካ ክትሕብር ኣለካ። ህያብ ምስ ትቕበል'ውን፡ ቀጥታ ክትሕብር ኣለካ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኩሉ የገድስ እዩ ዝበሃል ሓበሬታ ክትህብ ኣለካ። ነዚ ሓበሬታ፡ ብመንገዲ እቲ ድሮ ወሲድካዮ ዘለኻ ናይ ሓበሬታ መውሃቢ መሕትት ጌርካ ትህቦ።

ኣውትኬሪን ክሳብ ትወስድ ዘለኻ፡ እዚ መሕትት ምሳኻ ዓቅቦ። እቲ ኣብ ሂወትካ ዝመጽእ ለውጢ፡ ኣብ ናይ ኣውትኬሪን ናይ ምርካብ መሰል ወይ ድማ መጠን ትረኽቦ ኣውትኬሪን ጽልዋ ኣለዎ። እቲ ዝሰደድካዮ ናይ ሓበሬታ መሕትት ምስ ተቐበልናዮ፡ ነቲ ትረኽቦ መጠን ኣውትኬሪን ኣስታኻኺልና ሓድሽ መሕትት ንሰደልካ። እቲ ናይ ሓበሬታ መውሃቢ መሕትት ምስ ዝጠፍእ፡ ናብ ቑጽሪ ስልኪ 14 05 14 ደውል።

### ኣብ ልዕሊ ኣውትኬሪን ትረኽቦ ተወሳኺ ኣታዊ

ናይ ኣውትኬሪን መሰል ዝህልወካ፡ ነስብኻ ባዕልኻ ክትኣሊ ዘይትኽእል እንተኾንካ እዩ። ኣታዊ ምስ ዝህልወካ ድማ፡ ገለ ክፋል ናይ'ቲ ንነብስኻ ንምልዓል ዘድልየካ ወጻኢታት ክትሸፍን ትኽእል ኢኻ ማለት እዩ። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት፡ ምናልባት ገለ ክፋል ናይ ኣውትኬሪን ክትወስድ እዩ መሰል ክህልወካ ዝኽእል። ምኽንያቱ፡ እቲ እትረኽቦ ኣውትኬሪን ብመጠን እቲ ዘለካ እትዋት ስለዝጎድል።

ገለ ኣብነታት ናይ'ቶም ነቲ እትረኽቦ መጠን ኣውትኬሪን ኮግድሉ ዝኽእሉ ናትካ ወይ ናይ መጻምድትኻ ኣታዊታት እዞም ዝስዕቡ እዮም:

ደሞዝ፥

ካብ መጻምድትኻ ትረኽቦ ናይ ቀለብ ቆልዑ ወይ ናይ ባዕልኻ ቀለብ፥

ድጎማታት፡ ንኣብነት ናይ ሽቕለት ኣልቦነት ድጎማ (WW) ከምኡ'ውን ንሕሙማት ዝወሃብ ድጎማ (ZW)፥

ኣብ ኣትዊኻ ምርኩስ ብምግባር ዝግበር ተቐራጺ፥

ካብ ስራሕ ኮነ ካልእ ድጎማ ኣታዊታት ምስ ዝህልወካ፡ ነቶም ኣታዊታት ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት ንምምሕዳር ናይ ትረኽቦ ደሞዝ ዝርዝር ክትልእኽ ኣለካ። እቲ ዝወሃበካ ደሞዝ፡ ሰሙናዊ፡ ወርሓዊ ወይ ኣብ መንፈቕ ክኸውን ይኽእል። ኣብ'ቲ ትሰዶ ፖስጣ፡ ስምካን ዕለተ ልደትካን ጸሓፍ።

### ዘይቁረጽ ኣታዊ

ካብ ስራሕ ኣታዊ ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ ገለ ኩነታት፡ እቲ ትእትዎ ኣታዊ ካብ'ቲ ትረኽቦ ኣውትኬርን ኣይቁረጽን። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ብሰንኪ እቲ ትረኽቦ ኣታዊ፡ መጠን እቲ ዝወርደልካ ኣውትኬርን ኣይጎድልን እዩ ማለት እዩ።

**ሓፈሻዊ ዘይቁረጽ 25%:**

እዚ ንኹሉ ካብ 27 ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ ዝምልከት እዩ፥

እዚ ዘገልግል፡ እቲ ትረኽቦ ኣታዊ ደሞዝ ናይ ስራሕ ምስ ዝኸውን እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ ኣውትኪርን ዘመን ድማ፡ ክሳብ 6 ኣዋርሕ ዘሎ ግዚ ጥራሕ ኣይቁረጽን።

**ተወሳኺ ዘይቁረጽ 12.5% ናይ ኣታዊ ንብዘይመጻምድቲ ዝነብሩ ወለዲ:**

እዚ፡ ንትሕቲ 12 ዝዕድሚኦም ህጻናት ዘለውዎም ግን ብዘይመጻምድቲ ዝነብሩ ዕድሚኦም ንልዕሊ 27 ዓመት ዝኾኑ ወለዲ ጥራሕ ይምልከት፥

እዚ ኣታዊ ናይ ዘይምቑራጽ መስርሕ ዝጅምር፡ እቲ ሓፈሻው ዘይቁረጽ 25% ናይ ኣታዊ ምስ ኣብቅዐ እዩ፥

ነዚ ደሞዝ ናይ ዘይምቑራጽ መደብ፡ ኣብ ውሽጢ ናይ ሓደ ናይ ኣውትኬሪን ዘመን፡ ካብ 30 ኣዋርሕ ዘይበዝሕ ኣብ ዘሎ ግዜ ጥራሕ የገልግል።

ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ

**ብሰንኪ ናይ ጥዕና ጸገም ዘይቁረጽ ኣታዊ:**

እዚ፡ ነቶም ብሰንኪ ናይ ጥዕና ጸገም ሙሉእ ሰዓታት ክሰርሑ ዘይክእሉ ይምልከት፥

እዚ ናይ ጥዕና ጸገም፡ ብመሰረት ናይ ሕክምና መሰነይታ ደብዳቤ ብመርትዖ ክቐርብ ኣለዎ፥

ተጠቃሚ ናይ'ዚ መደብ ክትክውን ትኽእል፡ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ መደባት ምስ ዘየገልግሉ ጥራሕ እዩ።

ናይ ኣታዊ ዘይሙቕራጽ መሰል ኣለኒ ትብል እንተኾንካ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 14 05 14 ምብድዋል ምስ ማሕበራዊ ኣሃዱ ከባቢ (Sociaal Wijkteam) ተራኸብ።

## ንዋት

ብዙሕ ንዋት ምስ ዝህልወካ፡ ኣውትኪሪን ኣይትወስድን ኢኻ።

ንዋት ዝበሃሉ:

ዘወሃለልካዮ ገንዘብ፥

ናይ ባዕልኻ ገዛ፥

ካልኦት ክቡራት ነገራት፡ ከም መኪና፡ ካራቫን፡ ክቡራት ጌጻት ወይ ድማ ካሕሳ ሂወት እዮም።

ኣውትኪሪንካ ከይተቖርጸ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ንዋት ክህልወካ ይኽእል ኣብ ዘለካ ናይ ስድራቤት ኣቃውማ ዝተሞርከሰ እዩ። በይኑ ዝነብር ሰብ፡ ካብ ብብዙሓት ኣባላት ዝቖመት ስድራ ዝወሓደ ንዋት ክህልዎ ትጽቢት ይግበረሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ናብ ቑጽሪ ስልኪ 14 05 14 ደውል። ኣውትኬርን ኣብ ትወስደሉ ግዜ ዘዋህለልካዮ ገንዘብ፡ ከም ንዋት ኣይሕሰብን እዩ። እንተኾነ፡ ንኣብነት ውርሻ ወይ ብልጫ ምስ ትረክብ ግን ንዋትካ ክቕየር ይኽእል። ናይ "ኢ ኦ ኣ ቬ" ( IOAW) ኣውትኬሪን ትወስድ እንተ'ኾንካ ግን፡ ዘለካ ንዋት ኣብ ግምት ኣይኣቱን እዩ።

## መዓስ ኢኻ ገንዘብ ክትመልስ ዘለካ?

ሓሓሊፉ፡ ንምምሕዳር ገንዘብ ክትመልስ ትግደድ። ንኣብነት:

ዘይግባኣካ ኣውትኬሪን ወሲድካ እንተኔርካ፥

ካብ ዝገበኣካ መጠን ንላዕሊ ኣውትኬን እንተወሲድካ፥

ኣታዊ እናሃለወካ ኣውትኬርን እንተወሲድካ፥

ኣታዊ እናሃለወካ ኣውትኬሪን ትወስድ እንተኔርካ እሞ ሕጂ ብስንኪ ኣውትኬርን ካባና ስለዘይትወስድ ነቲ ወሲድካዮ ዝነበረካ ዘይግበኣካ ኣውትኬሪን ባዕልና ክንቀርጾ እንተዘይክኢልና፥

ብሰንኪ ጌጋ ናይ ምምሕዳር ካብ ዝገባኣካ ንላዕሊ ኣውትኬሪን እንተወሲድካ። መሰል ዘይብልካ ኣውትኬርን ምስ ትወስድ፡ ምምሕዳር ነቲ ዝወሰድካዮ ኣውትኬርን ክትመልሶ ክሓተካ እዩ።



ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ

## ምምንዛዕ ኣውትኬሪን

ዕዳ ኣለካ? ክትከፍሎ ዘገበኣካ ኣይከፈልካን? ኣብ ከምኡ ኩነታት፡ ሰባሪ ማዕጾ (ደውርዋርደር) ኣውትኬሪንካ ክምንዝዕ ክሓትት ይኽእል። እዚ ማለት፡ ዝታሓተ ኣውትኬሪን ይወርደልካ ማለት እዩ። ምምሕዳር፡ ነቲ ዝቐርብ ናይ ምምንዛዕ ሕቶ ክተሓባበር ግቡእ ኣለዎ።

ምስ'ዚ ውሳኔ ኣይተሰማማዕካን? ናብ ሰባሪ ማዕጾ ደብድቤ ልኢኽካ፡ ዕዳኻ ትኸፍለሉ ካልእ ስምምዕ ክግበር ዝከኣል እንተኾይኑ ሕተት።

## ምጽናሕ ወይ ዕረፍቲ ኣብ ወጻኢ ሃገር

ናብ ወጻኢ ሃገር ክትከይድ ዲኻ? ኣብ እዋኑ ከተፍልጠና ኣለካ። ነዚ፡ ነቲ ምሳኻ ዘሎ ዝሃብናካ ናይ ሓበሬታ መፍለጢ መሕትት ብምምላእ ክትገብሮ ትኽእል። ንኽንደይ ዝኣክል ኣብ ወጻኢ ሃገር ክትጸንሕ ትኽእል ኣብ ኩነታትካ ይሙርኮስ። እቲ ኣብ ወጻኢ ክትጸንሓሉ ትኽእል ናይ ግዜ ገደብ፡ ንሓደ ሰብ ጥራሕ እዩ ዝምልከት። እዚ ማለት፡ ንኣብነት፡ ንስኻ ካብ መጻምድትኻ ዝያዳ ኣብ ወጻኢ ክትጸንሕ ክፍቀደልካ ይኽእል እዩ ማለት እዩ።

## 28 መዓልታት

እዚ፡ እቲ ንቡር ኣብ ወጻኢ ክትጸንሓሉ ትኽእል ናይ ግዜ ገደብ እዩ። ኣብ ወጻኢ ክትጸንሕ ምኽንካ ብኣግኡ እንተሓቢርካ፡ ኣውትኬሪን ናይ ምውሳድ መሰልካ ዝተሓለወ ይኸውን።

ዕረፍቲ፡ ክልተ ግዜ ኣካታቲልካ ምውሳድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንኣብነት፡ ክልተ ዕረፍቲ ኣብ መጠረስታ ዓመትን ኣብ ፈለማ ዓመት ናይ ዘስዕብ ዓመትን ኣከታቲልካ ክትወስድ ኣይፍቀድን።

ካብ'ቲ ዝገበኣካ ግዜ ንላዕሊ ኣብ ዕረፍቲ እንተጸኒሕካ፡ ኣውትኪሪንካ ደው ይብል። ከምብሓድሽ ድማ ኣውትኪርን ክትሓትት ትግደድ።

## ዕረፍቲ ኣብ ኔዘርላንድ

ኣብ ኔዘርላንድ ዕረፍቲ ኣብ ትወስደሉ ግዜ፡ ብዘይካ ናይ ስራሕ ግቡእ ዘይብልካ እንተኾይኑ፡ ብእዋኑ ክትሕብር ኣለካ። ትነብረሉ ኣድራሻ ግን ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ደ ፍሪይስከ ማረን (De Fryske Marren) ክኸውን ኣለዎ። ትነብረሉ ኣድራሻ ኣብ ውሽቲ እዚ ምምሕዳር እንተዘይኮይኑ ግን፡ ንምምሕዳር ክትሕብር ኣለካ። ኣውትኬሪንካ ድማ ደው ይብል።

## ኣውትኬሪን ደው ዝብል መዓስ እዩ?

ኣውትኬሪን ንኣብነት ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ኩነታት ደው ክብል ይኽእል:

ስራሕ ረኺብካ ካብ'ቲ ትሑት ኣታዊ ንላዕሊ (ወይ ማዕሪኡ) ኣታዊ ምስ ዝህልወካ፥

ካልእ ካብ'ቲ ትሑት ኣታዊ ንላዕሊ (ወይ ማዕሪኡ) ኣታዊ ምስ ዝህልወካ፥

ምስ መጻምድትኻ ክትነብር ስለዝጀመርካ፡ ካብ'ቲ ትሑት ኣታዊ ንላዕሊ (ወይ ማዕሪኡ) ኣታዊ ምስ ዝህልወካ፥

ገዛ ናብ ካልእ ምምሕዳር ምስ ትግዕዝ፥

ብሰንኪ ንኣብነት ውርሻ ወይ ሎተሪ ኣታዊ ጌርካ፡ ንዋትካ ካብ'ቲ ዝግባእ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን፥

ኣብ ወጻኢ ሃገር፡ ካብ'ቲ ዝፍቀድ ናይ ግዜ ገደብ ንላዕሊ እንተጸኒሕካ፥

ንዝተገብሩ ስምምዓት እንተዘይኣኽቢርካ።



ምምሕዳር፡ ብጭቡጥ መዓስ ኣውትኪሪንካ ደው ዝብል ንምውሳን ናይ ኣውትኬሪን ደው ምባል መጽናዕቲ የካይድ። ብተወሳኺ፡ ምምሕዳር፡ ዘይወሰድካዮ ናይ ዕረፍቲ ገንዘብ እንተሃልዩካ ወይ ድማ ክትመልሶ ዘለካ ገንዘብ እንተሃልዩ መጽናዕቲ የካይድ። ኣውትኬሪንካ ደው ክብል እንተተወሲኑ፡ ንዕኡ ዝምልከት መልእኽቲ ክመጸካ እዩ።

**ኣስተውዕል:**

ኣውትኬሪን ትወስደሉ ኣብ ዝነበርካ ህሞት ካልእ ኣታዊ ኔሩካ? ኣብ ከምኡ ኩነታት፡ እቲ ዝወሰድካዮ ኣውትኬሪን ካብ'ቲ ሕጂ ትወስዶ ኣውትኬሪን ይቑረጽ። እንተደኣ

ትወስዶ ዝነበርካ ኣውትኬሪን ደው ክብል ተወሲኑ፡ ካብ'ቲ ዝገበኣካ ንላዕሊ ወሲድካ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ከምኡ ኩነታት፡ ነቲ ገንዘብ ትመልሶ ማለት እዩ።






- ናይ ለውጢ መሐበሪ መሕትት
- ምሕባር ኣታዊ
- ምብጻሕ ኣብ ገዛ
- ስጉምትታትን ሞልታን
- መዓስ እዩ ስጉምቲ ዝውሰድ?
- መዓስ ኢኻ ሞልታ ትኸፍል?
- ምድንጋር ማለት እንታይ ማለት እዩ እንታይ ከ የኸትል?

# ቁጽጽር ኣብ ትወስዶ ኣውትኬሪን

### ናይ ለውጢ መሐበሪ መሕትት

ኣውትኬሪን ምውሳድ ኣብ ትጅምረሉ ግዜ፥ ናይ ለውጢ መሐበሪ መሕትት ክወሃበካ እዩ። ኣብ ኩነታትካ ለውጥታት ምስ ዘጋጥሙ፥ ነዚ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት ክትሕብረና ግቡእ ኣለካ። ነዚ ንምግባር፥ ነቲ ናይ ለውጢ መሐበሪ መሕትት ትጥቀም። ነታ መሕትት ምስ ተጠቐምካላ፥ ካልእ ሓዳስ መሕትት ክትለኣኸልካ እያ። ለውጢ ክትሕብር ምስ ትደሊ፥ ግን ናይ ለውጢ መሐበሪ መሕትት ጠፊኡካ እንተኾይኑ፥ ናብ ቁጽሪ ስልኪ 14 05 14 ደዊልካ ተወከስ። ንሓና ድማ፥ ሓዲሽ መሕትት ክንሰደልካ ኢና።

### ምሕባር ኣታዊ

ብዘይካ ኣውትኬሪን ካልእ ኣታዊ ምስ ዝህልወካ፡ በቲ ናይ ለውጢ መሐበሪ መሕትት ኣቢልካ ኣፍልጠና። ካባና ድማ ናይ ኣታዊታትካ ትዝርዝረሉ መሕትት ክለኣኸልካ እዩ።

**ኣታዊታትካ ንምምሕዳር ብኸመይ ኣገባብ ትሕብር?**

**ብኢሜይል:**

እቲ ናይ ኣታዊ መሕትት እንተላይ ቅዳሕ ናይ ኣታዊኻ ዝገልጽ ዝርዝር ናብ administratie@defryskemarren.nl ብኢሜይል ለኣኽ። ሽምካን ዕለተ ልደትካን ጥቐስ። ነዚ፥ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ትገብሮ።

**ብፖስጣ:**

እቲ ናይ ኣታዊ መሕትት እንተላይ ቅዳሕ ናይ ኣታዊኻ ዝገልጽ ዝርዝር ብፖስጣ፡ ስምካን ዕለተ ልደትካ ጠቒስካ፡ ናብ Uitkeringsadministratie De Fryske Marren, Postbus 101, 8500 AC Joure ልኣኽ። ነዚ፥ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ትገብሮ።

## ናይ ኩነታት መሕትት

ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ፡ ናይ ኩነታት መሕትት ክንሰደልካ ኢና።

ኣብ'ዚ ናይ ኩነታት መሕትት፡ እቲ ኣባና ተመዝጊቡ ዘሎ ዝርዝራትካ ሰፊሩ ኣሎ። ንስኻ፡ ነቶም ልክዕነት ናይ'ቶም ዝርዝራት ክትቆጻጸር፡ ምቅይያራት ክትሕብርን ከምኡ'ውን ነቲ መሕትት ፈሪምካ ምስ ጭብጢታት ኣሰኒኻ ናባን መሊስካ ክትልእኾ ትጽቢት ይግበረልካ። ነዚ፡ ኣብ'ቲ ኣብ መሕትት ሰፊሩ ዘሎ ዕለት ወይ ቅድሚኡ ክትገብሮ ኣለካ። ነዚ መጽናዕቲ ምትሕብባርካ ክትልግስ ግቡእካ እዩ።

## ምብጻሕ ገዛ

ኣብ ገለ ኩነታት፡ ናብ ገዛኻ'ውን ክንመጽእ ንኽእል ኢና።

### መዓስ ኢና ከምኡ ንገብር?

ኩነታት ኣነባብራኻ ክንቆጻጸር እንተደሊና። ንኣብነት፡ ንስኻ ኣብ'ቲ ኣብ ምምሕዳር ተመዝጊብካሉ ዘለኻ ኣድራሻ ዘይትነብር ምዃንካ ሓበሬታ እንተደአ ሃልዩና ወይ ድማ ምሳኻ ካብ'ቲ ንስኻ ዝበልካዮ ንላዕሊ ሰባት ይነብሩ እንተሃሊዮም ክኸውን ይኽእል።

ኣውትኬሪን የድለይካ ድዩ ንምፍላጥ ክንምርምር እንተደሊና። እዚ ንኣብነት፡ ፍሉይ ድጎማ ኣብ ትሓተሉ እዋን ክኸውን ይኽእል።

ናይ ምብጻሕ ገዛ ንፍጸመሉ ግዜ፡ ኣብ'ቲ ኣውትኬሪን ትሓተሉ እዋን ክኸከውን ይኽእል። ወይ ድማ፡ ኣውትኬሪን እንዳወሰድካ ኣብ መንጎ ኸኸውን ይኽእል። እቲ ናይ ምብጻሕ ግዜ፡ ኣቐዲምና ሓቢርና ወይ ከይሓበርና ክንገብሮ ንኽእል። እቲ ምኽንያት ናይ እንገብሮ ምብጻሕ ገዛ፡ ንዓኻ ኩሉ ሳዕ ይሕበረካ። ናይ ኣታዊ ክኢላ ወይ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ናብ ቤትካ ኣብ ዝመጽሉ እዋን፡ መንነቶም ከርእዩኻ እዮም። ናብ ቤትካ ክትእትዎም ፍቓደኛ እንተዘይኮንካ፡ እቲ ዘቕረብካዮ ናይ ኣውትኬሪን ሕቶ ክንጸግ ወይ እቲ ትረኽቦ ዝነበርካ ኣውትኬሪን ደው ክብል ይኽእል።

## ስጉምትታትን ሞልታን

### መዓስ እዩ ስጉምቲ ክውሰድ ዝኽእል?

ክትክተሎም ዝግበኣካ ሓፈሻዊ ወይ ውልቃዊ ጉቡኣት እንተዘይተኸቲልካ፡ ኣብ ልዕሌኻ መጠን ትወስዶ ኣውትኬሪን ንግዚኡ ዘጉድል ስጉምቲ ይውሰድ። ሓሓሊፉ'ውን፡ ትወስዶ መጠን ኣውትኬሪን ብ 100% ለጠቕ ክብል ይኽእል። ብሰንኩ ድማ፡ ንዝተወሰነ ግዜ ትረኽቦ ኣውትኬሪን ኣይህሉን ማለት እዩ። ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ውሳኔ፡ ኣብ'ቲ ዝገበርካዮ ወይ ክትግበሮ ዝነበረካ ግን ዘይገበርካዮ ነገርን ዝተሞርከሰ ኮይኑ ጊጋ ናትካ ድዩ ኣክይኮነን ድማ ይርአ። ክብደት ናይ'ቲ ዝውሰድ ስጉምቲ፡ ኣብ ክብደት ናይ'ቲ ዘጋጠመ ነገር፡ ማዕረ ክንደይ ናትካ ጌጋ ኔሩ ውልቃዊ ኩነታትካን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። ብተደጋጋሚ ግዜ ጌጋ ትገብር እንተኾንካ ድማ፡ እቲ ዝውሰድ ስጉምቲ ይኸብድ። እቲ ውሳኔ፡ ብጽሑፍ ይለኣኸልካ። ስጉምቲ ዝውሰደልካ ንኣብነት፡ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ኩነታት ክኸውን ይኽእል:

ስራሕ ብዝከኣል መጠን ዘይትደሊ እንተኾንካ፥

ኮነ ኢልካ ኣታዊ ከምዘይህልወካ ስለዝኾንካ ኣውትኪሪን ከምዘልድየካ እንተኾንካ፥

ምዝገባ ናይ "ኡ ቬ ፌ / ቨርክ፤ በድራይፍ" ( UWV/Werkbedrijf) ብእዋኑ እንተዘይኣናዊሕካ፥

ኣብ ናይ ስራሕ ናይ ምምላስ ስልጠና ክትሳተፍ ፍቓደኛ እንተዘይኮንካ።

**መዓስ ኢኻ ሞልታ ትኸፍል?**

ነቲ ናይ ሓበሬታ ግቡእ ምስ ትጥሕሶ፡ ሞልታ ከምትኸፍል ይግበር። እዞ ዝኾነሉ ንኣብነት:

ብዛዕባ ዘለካ ንዋት እንተዘይሓቢርካ (ከም መኪና፡ ካራቫን፡ ውህሉል ገንዘብን ካልእን)፥

ብዛዕባ እትዋትካ እንተዘይሓቢርካ (እንተላይ ካብ ብ "ጸሊም" ስራሕ ትእትዎ ኣታዊ)፥

(ኣብ እዋንካ) ዝተሓተትካዮ ጭብጢ ዘይምሃብ (ንኣብነት ናይ ባንካ ወረቓቕቲ)።

እቲ ትኸፍሎ ናይ ምሕደራ ሞልታ፥ እንተዋሓደ መጠኑ 150 ኤውሮ እዩ። ምምሕዳር፡ መጠን እቲ ዝኽፈል ሞልታ ኣብ ዝውስነሉ ግዜ፡ ጌጋ ናትካ ኣሎ ድዩ የሎን ከምኡ'ውን ካልኦት ፍሉያት ኩነታት ኣለዉ ድዮም የለዉን ኣብ ግምት ይእቱ።

## ምድንጋር ማለት እንታይ ማለት እዩ እንታይ ከ የኸትል?

ኮነ ኢልካ፡ ንኣብ ኣውትኬሪን ናይ ምውሳድ ዘለካ መሰል ዘገድሱ ሓብሬታታት እንተሓቢእካ፡ ምድንጋር ፈጺምካ ማለት እዩ። ኮነ ኢልካ ዘይኮነ ሓበሬታ ምስ ትህብ'ውን፡ ኣደናጊርካ ማለት እዩ።

ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ:

ኣታዊ እንዳሃለወካ እንተዘይሓቢርካ፥

ምስ መጻምድትኻ ብሓባር እንዳነበርካ ክነስኻ በይንኻ ከምትነብር እንተሓቢርካ፥

ካብ'ቲ ዝበልካዮ ንላዕሊ ግዜ ናብ ዕረፍቲ እንተደኣ ኬድካ።

ኣደናጊርካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ ኢልና እንተጠርጢርና፡ መጽናዕቲ ነካይድ። መዓስ ኢና ነዚ መጽናዕቲ ነካይዶ?

ኣብ'ቲ ዝሃብካና ሓብሬታ ገለ ዘይኮውን ነገር ምስ ንዕዘብ፥

ብኣካል ዝርርብ ኣብ ተካይደሉ ግዜ፡ ሰራሕተኛና ገለ ዘይከውን ነገር ምስ ዝዕዘብ፥

ካብ ካልኦት ሓበሬታ ምስ ንረክብ፥

እቲ ዝሃብካና ሓበሬታ ምስ'ቶም ካብ ካልኦት ትካላት ንረኽቦም ሓበሬታ ዘይሳነዩ እንተኾይኖም። እቲ ንረኽቦ ሓበሬታ ካብ ኣገልግሎት ቀረጽ፡ ትካል ድዎ፡ ትካል "ኡ ቬ ፌ" ካልኦት ማሕበራውያን ትካላት ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ምምሕዳር፡ ተቖጻጸርትን ማሕበራዊ መርመርትን ይሰርሑ። ንስቶም፡ ኣደናጊርካ እንተኾንካ መጽናዕቲ የካይዱ። ተቖጻጸርቲ ወይ ማሕበራውያን መርመርቲ ኣደናጊርካ ኢሎም ዝሓስቡ እንተኾይኖም፡ ብዛዕባ'ዚ ምሳኻ ዝርርብ የካይዱ።

ምድንጋር ምስ ትፍጽም፡ እቲ ዘደናገርካዮ መጠን ክትመልስ ትግደድ። መጠን እቲ ዘደናገርካዮ ኣሃዝ ካብ 50,000 ኤውሮ ንታሕቲ ምስ ዝኸውን፡ ምምሕዳር ክሳብ 100% ናይ'ቲ ዘይግባእካ እንከሎ ዝወሰድካዮ መጠን ኣውትኬሪን ሞልታ ከኽፍለካ ይኽእል። ድሕሪ 1 ጥሪ 2013 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣዳናጊርካ ኔርካ እንተኾና ድማ፡ እቲ ትኸፍሎ ሞልታ ክሳብ 150% ክበጽሕ ይኽእል እዩ። እቲ ዘደናገርካዮ መጠን ገንዘብ ካብ 50,000 ኤውሮ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ኣብ ኣኽባር ሕጊ ቀሪብና ክሲ ከምዝምስረት ንገብር። ኣኽባር ሕጊ ድማ፡ እንታይ መቕጻዕቲ ክብየነልካ ምዃኑ ይውስን።





ንዓይ ከምዝመስለኒ እዚ ጌጋ ኣሎ...

ነዚ ብኸመይ ኣገባብ ክፍልጥ ይኽእል?

ተቓውሞን ይግባይን / ውልቃዊ ዝርዝር / ጥርዓን
- ፍልልይ ናይ ተቓውሞን ጥርዓንን እንታይ እዩ?
- መዓስ ኢኻ ተቃውሞ ክትገብር ትኽእል?
- ተቓውሞ ብኸመይ ኣገባብ ትገብር?
- ናይ ተቓውሞ ደብዳቤ ምስ ሰደድካ ስዒቡ ዝመጽእ መስርሕ እንታይ እዩ?
- ውልቃዊ ዝርዝር
- ጥርዓን
- ጥርዓን ብኸመይ ኣገባብ የቕርብ?

ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ (Adviesraad Sociaal Domein)
- ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ እንታይ እዩ ስርሑ?

ጠቓሚ ምኽሪ
- ዝኽፈተሉ ሰዓታት
- ክትራኽብሉ ትኽእል ኣገባባት
- ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

# ተወሳኺ ሓበሬታ

## ተቓውሞን ይግባይን

## ውልቃዊ ዝርዝር

## ጥርዓን

### ፍልልይ ናይ ተቓውሞን ጥርዓንን እንታይ እዩ?

ምስ'ቲ ዝተወስደ ውሳኔ ዘይትሰማማዕ እንተኾንካ፡ ተቓውሞ ተቕርብ። በቲ ስዒቡ ኣብ ናይ ተቓውሞ ሕቶኻ ዝወሃብ ምላሽ'ውን ዕጉብ እንተዘይኮንካ፡ ይግባይ ክትብል ትኽእል።

### መዓስ ኢኻ ተቃውሞ ክትገብር ትኽእል?

ካብ'ታ ውሳኔ ዝተወስደትላ ዕለት ኣብ ውሽጢ 6 ሳምንታት። ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ኩነታት ተቓውሞ ክትገብር ትኽእል፡

ድንማ ሓቲትካ እቲ ዝሓተትካዮ (ብሙሉኡ) እንተዘይተዋሂቡካ፥

ኣብ ልዕሌኻ ብዝተወስደ ስጉምቲ ዘይትሰማማዕ እንተኾንካ፥

ኣብ ልዕሌኻ ብዝተወስደ ሞልታ ዘይትሰማማዕ እንተኾንካ፥

ምምሕዳር ገንዘብ ክትመልስ ዝሰደደልካ መልእኽቲ ዘይትሰማማዓሉ እንተኾንካ፥

ብመልክዕ ውሳኔ፡ ክትክተሎም ዘለካ ግን ዘይትሰማማዓሎም ቅድመ ኩነት እንተተነቢሮምልካ።

## ተቓውሞ ብኸመይ ኣገባብ ትገብር?

ተቓውሞ፡ ኩሉ ሳዕ፡ ብጽሑፍ ኢኻ ትገበሮ። እቲ ትጽሕፎ ደብዳቤ ድማ ናይ ተቓውሞ ደብዳቤ ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣብ’ቲ ነቲ ትቃወሞ ዘለኻ ውሳኔ ዝገልጽ ደብዳቤ፡ ተቃውሞ በኸመይ ኣገባ ከትገብር ከምትኽእል ብጭቡጥ ተጠቒሱ ኣሎ።

## ናይ ተቓውሞ ደብዳቤ ምስ ሰደድካ ስዒቡ ዝመጽእ መስርሕ እንታይ እዩ?

ሸማግለ ክንቲባ ምምሕዳርን ተሓጋገዝቱን፡ ነቲ ተቓዊምካዮ ዘለኻ ውሳኔ ከምዝምርመር ይገብሩ። ሡብዛሕትኡ ግዜ፡ ክፍሊ ሕጊ ናይ ምምሕዳር፡ ተቓውሞኻ ብኣካል ቀሪብካ ከተብርህ ዕድመ ክሰደልካ እዩ። ነቲ ዘቕረብካዮ ናይ ተቓውሞ ደብዳቤ፡ ውሳኔ ብጽሑፍ ይስደደልካ።
ነቲ ኣብ ዘቕረብካዮ ናይ ተቓውሞ ደብዳቤ ዝተወስደ ውሳኔ ዘይትሰማማዓሉ እንተኾንካ፡ ይግባይ ክትብል ትኽእል። ይግባይ፡ ኣብ ክፍሊ ሕጊ ምሕድራ (sector Bestuursrecht) ናይ ቤት ፍርዲ ኢኻ ተቕርቦ። ነቲ ብይን ናይ ቤት ፍርዲ ዘይትሰማማዓሉ እንተኾንካ ድማ፡ ናብ ኣብ ከተማ ዴን ሃኽ ዝርከብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ (Raad van State) ይግባይ ክትብል ትኽእል።

## ውልቃዊ ዝርዝር

ብዝግባእ ኣገልግሎት መታን ክንህበካ፡ ውልቃዊ ዝርዝራትካ ነምሰርሖም ኢና። እዞም ዝርዝራት፡ ንስኻ ካባና እንታይ ኣገልግሎት ከምትደልን ነቶም ኣገልግሎታት ብኸመይ ኣገባብ ክንህበካ ከምንኽእልን ንኽንፈልጥ ይሕግዙና። እዞም ዝርዝራት ክንሓቶም፡ ክንምዝግቦም፡ ክነማሓይሾም ወይ ድማ ንካልኦት ክነካፍሎም ንኽእል። እዚ ዝግበር ግን፡ ብዘተኻእለ መጠን ብዝወሓደ ኣገባብ ኮይኑ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ጥራሕ እዩ። ምምስራሕ ናይ’ዞም ዝርዝራት፡ ብመሰረት ሕጊ ምዕቃብ ውልቃዊ ዝርዝራት (Wet bescherming persoonsgegevens (Wbp)) እዩ ዝካየድ። ንኣብነት፡ ውልቃዊ ዝርዝራት ካብ’ቲ ዘድሊ ንላዕሊ ካልኦት ክርእይዎ ምግባር ኣይግባእን፡ እቶም ዝርዝራት ካብ’ቲ ዝተኣከበሉ ምኽንያት ወጻኢ ንኻልእ መዓላ ክውዕሉ ኣይግባእን፡ ከምኡ’ውን ዝርዝራት ብጽኑዕ ክዕቀቡ ኣለዎም። ምምሕዳር “ደ ፍሪይስከ ማረን” (De Fryske Marren) ብዛዕባኻ ዝኣከቦ ውልቃዊ ዝርዝር ምስ ዝህሉ፡ ኩሉ ሳዕ ነዞም ዝስዕቡ መሰላት ትውንን:
ውልቃዊ ዝርዝራትካ ክትውከስ፥
ምእራም፡ ምሕያሽ ወይ ድማ ዘይልከዕ፡ ዘይምሉእ ወይ ኣድላዪ ዘይኮነ ሓበሬታ ምስራዝ፥
ዝርዝራት ምሕባእ / ስም ኣልቦ ከምዝኾኑ ምግባር፥
ምምሕልላፍ ዝርዝራትካ ናብ ካልእ ትካል፡ ንኣብነት ገዛ ኣብ ትግዕዘሉ እዋን።

## ጥርዓን

ብኣገባብ ኣሰራርሓ ናይ ሰራሕተኛ ወይ በዓል ስልጣን ናይ ምምሕዳር ዘይዕጉብ ክትከውን ትኽእል። ኣብ ከም’ዚ ኩነታት፡ ጥርዓን ከተቕርብ ትኽእል።

## ጥርዓን መዓስ ከቕርብ ይኽእል?

(ብኣባላት) ሸማግለ፡ ክንቲባ ወይ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ብጽቡቕ ኣገባብ ኣይተኣንገድኩን ኢልካ ትሓስብ እንተኾንካ። እዚ፡ ንሶም ብዘርኣዩኻ ባህሪ ወይ ንዝተዛረቡኻ ዘረባ ምርኩስ ዝገበረ ክኸውን ይኽእል።

## ጥርዓን ብኸመይ ኣገባብ የቕርብ?

**ብጽሑፍ**

ኑቲ ኣብ መርበብ ገጽ www.defryskemarren.nl ዘሎ ናይ ጥርዓን መሕትት ትመልኡ። ኢንተርነት እንተዘይብልካ፡ ጥርዓንካ ትገልጸሉ ደብዳቤ ናብ ምምሕዳር ትሰድድ። ኣብ'ቲ ደብዳቤ፡ ብተወሳኺ፡ እዞም ዝስዕቡ ዝርዝራት ክሀልዉ ኣለዎም:

**ብኣፍ**

ናብ ቁጽሪ ስልኪ 14 05 14 ብምድዋል፡ ምስ ኣዋሃሃዲ ጥርዓን ናይ ምምሕዳር ቆጸራ ትገብር። እቲ ዝርርብ፡ ኣብ ህንጻ ምምሕዳር ይካየድ። ናይ'ቲ ዝተገብረ ዝርርብ ድማ ጸብጻብ ይዳሎ። እቲ ዝተገብረ ጸብጻብ፡ ከምዘተሰማማዕካሉ ክትገልጽ ከታምካ መታን ክተንብረሉ ናባኻ ይለኣኽ። ንስኻ ምስ ተሰማማዕካሉ ድማ፡ እቲ ጥርዓን ይርአ።

**ብቴሌፎን**

ናብ ቁጽሪ ስልኪ 14 05 14 ብምድዋል፡ ምስ ኣዋሃሃዲ ጥርዓን ናይ ምምሕዳር ጥርዓንካ ብቴሌፎን ክትዘራረበሉ'ውን ትኽእል ኢኻ። እቲ ኣዋሃሃዲ ጥርዓን ድማ፡ ጸብጻብ ናይ'ቲ ዘቕርብካዮ ጥርዓን ኣዳልዩ ናባኻ ይልእኮ። ምስ'ቲ ዝተገብረ ጸብጻብ እንተተሰማሚዕካ፡ ክታምካ ተንብረሉ። ብድሕሪኡ፡ ምምሕዳር ኑቲ ጥርዓን ይርእዮ።

**ኣገባብ ኣተሓሕዛ**

ምምሕዳር ጥርዓንካ ምስ ተቐበለ፡ ከምዝተቐበሎ ዘረጋግጽ መልእኽቲ ይሰደልካ። ኣብኡ ድማ፡ እቲ መስርሕ ከመይ ከም ዝኾነ ተገሊጹ ኣሎ። ምምሕዳር፡ ኑቲ ዝቐረበ ጥርዓን፡ ኣብ ውሽጢ 6 ሳምንታት ማዕልቦ ክገብረሉ ዝከኣሎ ዘበለ ይገብር።

**ዕጉብ ኣይኮንካን?**

ምምሕዳር፡ ንጥርዓንካ ንምርኣይ ብዝወሰዶ ኣገባብ ዕጉብ ኣይኮንካን?

ምስ ሃገራዊ ጸረ-ጊ ንበዓት (Nationale Ombudsman) ብመንገዲ postbus 93122, 2509 AC Den Haag ርክብ ግበር።

ስምካ፥

ኣድራሻኻ፡

ክታምካ።

እቲ ደብዳቤ፡ ናብ'ዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ትልእኮ:

De Fryske Marren
Afdeling Bedrijfsvoering, cluster juridische zaken
Antwoordnummer 2
8500 VB Joure

ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ

# ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ (Adviesraad Sociaal Domein)

## ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ ናይ ምምሕዳር "ደ ፍርይስከ ማረን" እንታይ እዩ ስርሑ?

ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ፡ ተሓቲቱ ወይ ብናይ ባዕሉ ተበግሶ፡ ንምምሕዳር "ደ ፍሪይስከ ማረን" (De Fryske Marren) ምኽሪ ዝልግስ ኮይኑ፡ ንጡፍ፡ ዘይሻራዊ፡ ሞያዊን ኣብ ሕብረተሰብ ዝመስረቱ ሽማግለ እዩ።

ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ፡ ብ 15 ኣባላት፡ ሓደ ዘይሻራዊ ኣቦ መንበርን ሓደ ጸሓፍን ዝቖመ እዩ። መብዛሕትኦም ኣባላት፡ ብዘለዎም ድሕረ ባይታ፡ ትምህርትን ተሞክሮን፡ ምስ ነፍሲ ወከፍ ክፋል ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ዝተኣሳሰሩ እዮም። በዚ ኣገባብ ድማ፡ ኩሎም ነበርቲ ምምሕዳር "ደ ፍርይስከ ማረን" (De Fryske Marren)፡ ኣብ'ቲ ሽማግለ ይውከሉ። ኣባላት ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ፡ ወለንተኛታት ኮይኖም፡ እቲ ምሕደራ ብዘተኻእለ መጠን ናብ ነበርቲ ከምዝቐርብ ንምግባርን ነበርቲ ብዝለዓለ ኣገባብ ተሳተፍቲ ንክኾኑ ድማ ይጽዕሩ። ነዚ ክውን ንምግባር፡ ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ፡ ኣብ ብደረጃ ምምሕዳር፡ ዘባን ሃገርን ዘለዉ መርበባት ብንጡፍ ይሰርሕ።

ፈጽሚ ናይ ሕጊ ተሳትፎ (ፓርቲሲፓሲ ዌት)፡ ንኹሉ፡ ተሳታፊ ናይ ሕብረተሰብ ክኸውን ክገብር ኣገዳሲ እዩ። በዚ መሰረት ድማ፡ ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ፡ ተሓቲቱ ወይ ብናቱ ተበግሶ፡ ንምምሕዳር ብዛዕባ ኩሎም ኣብ ማሕበራዊ ጽፍሒ ዘገድሱ ጉዳያት ሓበሬታን ምኽርን ናይ ምሃብ ዕዮ ኣለዎ። ኣብ ትሕቲ እዞም ጉዳያት፡ ብዘይካ ሕጊ ተሳትፎ (ፓርቲሲፓሲ ዌት)፡ ሕጊ ማሕበራዊ ሓገዝ (Wet maatschappelijke ondersteuning (Wmo)) ከምኡ'ውን ሕጊ ህጻናትን መንእሰያትን (Jeugdwet) ተጣቓሊሎም ይርከቡ።

ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ፡ በቲ ንሱ ዝህቦ ምኽርታት ኣቢሉ፡ ኑብሰ ምርኮሳን ተሳትፎን ነበርቲ ንምስላጥ፡ ናቱ ኣበርክቶ ክገብር ከም ዕላማ ይሕዞ። እቲ ካልኣይ ዕላምኡ ድማ፡ እቲ ምምሕዳር ዝወስዶ (ወይ ክወስዶ ዝሕሳብ) ስጉምትታትን ዝህቦ መሳለጥያታትን፡ ምስ ድሌት ናይ ነበርቲ ይሳነ እንተኾይኑ ይምርምር። ብኸም'ዚ ኣገባብ፡ እቲ ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ፡ ንምምሕያሽ ብቕዓት ፖሊሲ ምምሕዳርን ፈጸሚ ናይ'ቶም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ 4 ጽፍሕታትን ኣበርክትኡ ይገብር። ኣብ'ዚ፡ ረብሓ ነበርቲ ምምሕዳር "ደ ፍርይስከ ማረን" (De Fryske Marren) ማእከላይ ቦታ ይወሃቦ። ንተኣፈፍቲ ነበርቲ፡ ናይ ስንኩላን ኣለይቲን ወለንተኛታትን ድማ ፍሉይ ኣቓልቦ ይወሃቦም።

ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ጽፍሒ ናይ ምምሕዳር "ደ ፍርይስከ ማረን" (De Fryske Marren)፡ ውልቃዊ ጉዳያት ኣይኣልን እዩ። ንውልቃዊ ጉዳያት ዝምልከቱ ዛዕባታት፡ ምስ ምምሕዳር ወይ ድማ ማሕበራዊ ኣሃዱ ከባቢ ክትውከስ ትኽእል።

ናብ ፈለማ ናይ'ዚ ምዕራፍ ተመለስ

## ጠቓሚ ምኽሪ

### ዝኸፈተሉ ሰዓታት

ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ናይ ከተማ ያውረ፡ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ሰዓታት ይኸፈት:

ሰኑይ ካብ ሰዓት 13.00 ክሳብ ሰዓት 20.00፡

ካብ ሰሉስ ክሳብ ሓሙስ፡ ካብ ሰዓት 09.00 ክሳብ ሰዓት 16.00፡

ዓርቢ ካብ ሰዓት 9.00 ክሳብ ሰዓት 12.00።

**ኣስተውዕል!**

ናብ ኣማኻሪ ኣትዊታት (inkomensconsulent) ብኣካል ምምጻእ፡ ብዕድመ ወይ ብቖጸራ ጥራሕ እዩ ዝከኣል።

### ክትራኸበሉ ትኽእል ኣገባባት

ብቴሌፎን፡ መዓልታዊ ካብ ሰዓት 9.00 ክሳብ ሰዓት 10.00 ፡    ቁጽሪ ስልኪ 14 05 14

ማሕበራዊ ኣሃዱ ከባቢ:    kcczorg@defryskemarren.nl

ኣማኻሪ ኣታዊታት: inkomenscluster@defryskemarren.nl

ምሕደራ ኣውትኬሪን: administratie@defryskmarren.nl

### ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

www.defryskemarren.nl (ንትሑት ኣታዊ ዘለዎም ዝዳሎ መሳለጥያ፡ ፍሉይ ድጎማን ካልእን)

www.bureauzelfstandigenfryslan.nl (ናይ ባዕልኻ ሓለቃ ንምዃን)

www.jeugdsportfonds.nl (ናጻ ናይ ስፖርት ኣገልግሎት ንህጻናት)

www.nibud.nl/scholieren (ብዛዕባ ናይ ጁባ ገንዘብል ተወሳኺ ስራሕ፡ ወጻኢታት፡ ምውህላል ገንዘብን ካልእን)

www.pastiel.nl (ስራሕ ንምድላይ)

www.berekenuwrecht.nl

www.leergeld.nl

www.adviesraadsociaaldomein-defryskemarren.frl

www.hetbegintindebuurt.nl (ማሕበራዊ ኣሃዱ ከባቢ)



DE FRYSKE MARREN

**Postadres**
Postbus 101
8500 AC Joure

**Bezoekadres**
Herema State 1, Joure

**Contact**
info@defryskemarren.nl
Telefoon: 14 05 14
www.defryskemarren.nl